ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.65 ቀዳም 15 ሕዳር 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ሜላታት ኣፈታትሓ ግድላት ቀጻሪ


ገጽ 5
ሓሳብ ልብና ክሰምር


ገጽ 6
ሰንዱ ዘመናዊት ጋብያ ደርሁ


ገጽ 11
ምባፐ ብጉድኣት ካብ ሃገራዊት ጋንታኡ ተኣልዩ


# ፖሊስ ኤርትራ፡ ብሞያዊ ፖሊሳዊ ትምህርቲ ዘሰልጠኖም ልዕሊ 700 ኣባላት ኣመሪቑ



ስእሊ-ሳሚኤል ንጉሰ



ፖሊስ ኤርትራ፥ ንክልተ ኣዋርሕ ኣብ ዓዲ-ሃሎ ብመሰረታዊ ሞያዊ ፖሊሳዊ ትምህርቲ ከሰልጥኖም ዝጸንሐ 154 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 761 ኣባላት 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝተረኽብሉ ብ13 ሕዳር ተመረቖም።

ኣብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ሓላፊ ጨንፈር ሞያዊ ፖሊሳዊ ትምህርቲ ሜጀር ዓንዶም መሓሪ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰልጠንቲ - ሌላ ምስ ተልእኾ፡ ዕላማታትን ዕማማትን ፖሊስ፣ ንጥፈታት መደበር ፖሊስን ሓለዋን፣ ሕግን መርመራ ገበንን፣ ህዝባዊ ርክባትን ዜግነታዊ ትምህርትን፣ ኣቀራርባ ጸብጻብ፣ ብኮምፕዩተር ዝፍጸሙ ገበናትን ሳይበራዊ ድሕነትን፡ ከምኡ'ውን ካልእ ተዛማዲ ዛዕባታት ዘጠቓልል ትምህርቲ ከምዝቐሰሙን ዝምስገን ውጽኢት ከምዘመዝገቡን ሓቢሩ።

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ብክልሰ-ሓሳብ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ዛዚሞም ናብ ግብራዊ ስራሕ ይሰጋገሩ ከምዘለዉ ተገንዚቦም፡ ኣኽብሮት ጸጥታን ሰላምን፣ ከምኡ'ውን ዓቀብቲ ድሕነትን መሰላትን ሕብረተሰብ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ዝተመደብዎ ቦታ ብዘይተጎላባጦት ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ስልጠና ጽብለልታ ንዘርኣዩ መተባብዒ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ጉጅለ ባህሊ ፖሊስ ኤርትራ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ኣቕሪባ።

# ላዕላይ-ጋሽ - ሃብቲ ገረብ ንምስሳን ዝውሰድ ስጉምቲታት እወታዊ ውጽኢት ይርከቦ

ኣብ ንኡስ ዞባ ላዕላይ-ጋሽ፡ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ንምዕቃብን ንምስሳንን ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲታት፡ እወታዊ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣብ'ል ቁጽጽር ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ሓምድ መሓመድ-እስማዒል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሳላ ዝተዋደ ዘሎ ዕቱብ ቁጽጽራዊ ስራሕ፡ ዝውሰድ ዘሎ ተሪር ስጉምትን ዝበርኸ ዘሎ ንቕሓት ሕብረተሰብን መጠን ብርሰት ኣግራብ ብምንካዩ፡ ሽፈኦ ኣግራብ ናብ ንቡር ይምለስ፣ እንስሳታት ዘገዳም ድማ ይቀላቐሉ ከምዘለዉ ኣፍሊጡ።

ኣብ ጫካታት ማሕከለይ፡ ጢን ካልኦትን ብርኽት ዝበሉ እንስሳታት ዘገዳም ከም ሓርማዝ፡ ነብሪ፡ ዒጋዜን ኣራዊትን ክረኣዩ ከምዝጀመሩ ዝጠቐሰ ኣቶ ሓምድ፡ ኣብ ልዕሊ ገረብ ዝፍጸም ብዘውሰድ ዘሎ ኣራሚ ስጉምቲ'ውን እቲ ተርእዮ ከምዝጎደለ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ቁጽጽር ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ዝዋፈሩ 73 ኣባላት፡ ኣብ'ዚ. መዳይ'ዚ ውጽኢታዊ ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ ድማ ሓቢሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ በረኸት መሓሪ ብወገኑ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብኣሃዱ ቁጽጽር ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ዝተዋደደ ዘሎ ስራሓት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝወጹ ዘለዉ መምርሒታትን ዝውሰዱ ዘለዉ ስጉምትታትን እወታዊ ውጽኢት ይርከቦም ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ግርሁ ብኣግራብ ምሕጻር ዝኽልክል ወሸጣዊ ሕጊ ክጸንዕ፣ ከምኡ'ውን ነበርቲ ብሓፈሻ ሓረስቶትን ጓሶትን ድማ ብፍላይ ካብ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ክቖጠቡ ኣዘኻኺሩ።

# ዓንሰባ - ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብልዕሊ 16 ሚእታዊት ዓብዩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝተረኽበ ውጽኢት፡ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ብ16.5 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘመዝገበ፡ ብ11 ሕዳር ኣብ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ተሓቢሩ።

ኣብ 2023/2024 መጠን ምሕላፍ 33.7 ሚእታዊት ዝነበረ ኣብ 2024/2025 ናብ 50.2 ሚእታዊት ከምዝበረኸ፡ እዚ ድማ ብሓያል ምውህሃድ ናይ ኩሎም ኣካላት ዝተረኽበ ምዃኑ ተገሊጹ።





ወከል ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ሓምድ ሰዒዲን ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ብደረጃ ዞባ ካብ ዝተፈተኑ 10,562 ተመሃሮ፡ እቶም ብቕድመ-ትምህርቲ ዝሓለፉ ካብቶም ካልኦት ዝበለጸ ውጽኢት ከምዘመዝገቡ ብምሕባር፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ተታሒዙ ዘሎ መደባት ብዝሓየለ ክድፋእ ከምዘለዎ ተላቢዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ብወገኑ፡ እቲ ገምጋም፡ ኩነታት ትምህርቲ ብዕቱብ ብምፍታሽ ኣብ መጻኢ ዝበረኸ ውጽኢት ንምምዝጋብ ሓሳባት ዝርከበሉ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ከምኡ'ውን ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊት ጨንፈር ምዘና ሃገራዊ መርመራ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ብወገኖም፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዕብየት ኣዝዩ ዘሐጉስ ኮይኑ፡ ምዕባለ ትምህርቲ ንምብራኽ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት ዝድርዕ ብምዃኑ፡ ኩሉን ኣካላት ብወሃደት ብምስራሕ ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ እጃመን ከበርክታ ተላብዮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ 95.2 ክሳብ 99.2 ነጥቢ ዝረኸቡ 52 ዝበርጹ ተመሃሮ ተሸሊሞም።

ዜና

# ዓዲ-ቐይሕ - ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ሽልማት “ቈሓይቶ” ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብሉጽ ወጽኢት ንዘመዝገቡ 104 ተመሃሮ፡ ሽልማት ቈሓይቶ ተዓዲሉ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ መምህር በየነ ተስፋይ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ ኣብ'ቲ መርመራ ካብ ዝተሳተፉ 1,252 ተመሃሮ እቶም 87 ማእታዊት ከምዝሓለፉ፣ ቀጽሪ ተሸለምቲ ድማ ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ9 ዕጽፊ ከምዝዛየደ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ምሸለም ተመሃሮ ተወዳደርትን ስለ ዝኸስክስ ደራኺ ሓይሊ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ወለዲ ኣብ ምእላይን ምክትታልን ደቆም ዕቱብ ክኾኑ ኣተሓሳሰበ።

ንበሉጻት ተመሃሮ ዝዕደል ሽልማት ቈሓይቶ፡ ብሰራሕተኛታትን ነጋዶን ዝተዋጽኦ ገንዘብ ንዕዉታት ተመሃሮ ምዕዳል የጠቓልል።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ መበኣታ ቤት-ትምህርቲ ዓዲቐይሕ ዝጸንሐ ሕጽረት ክፍልታት ንምቕላል ብዝተወሰደ ተበግሶ ሓሙሽተ ክፍልታት ተሃኒጹ።

እቲ ካብ ህዝቢ ምምሕዳራት ከባቢ ሃዳሙ፡ ሕሸማሉ፡ ሓይሃበን ዑናበርን ከምኡ'ውን ነጋዶን ሲቪል ሰራሕተኛታትን ብዝተዋጽኦ ገንዘብ ዝተሰርሐ ክፍልታት፡ ኣስታት 925 ሽሕ ናቕፋ ከምዝወድኣ ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነሰርዓት ተገሊጹ።

ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ እተጠቓልል መበኣታ ቤት-ትምህርቲ ዓዲቐይሕ፡ 1,628 ተመሃሮ ኣለዉዋ።




# ዓሰብ - ንተመሃሮ ኣብ ሕጊ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ዓሰብ ዝርከብ መደበራት ፖሊስ፡ ንተመሃሮ ኣብ ሕግን ስነምግባርን ከምኡ'ውን ኣብ ምክልኻል ገበናትን ሓደጋታትን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ከምዝሃባ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዝወደቡ፡ ኣብ መሰርሕ ምምሃርን ምስተምሃርን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ስነምምህርና፡ ሰብኣዊ ባህርያት፡ ስነምግባር መምህር፡ ሜላታት ምስግጋር ፍልጠት፡ ተራ መምህር ኣብ ምጽላውን ምእላይን ተመሃሮ፡ ምሕደራ ግዜ ከምኡ'ውን ተዛማዲ ኣርእስትታት ዘጠቓለለ ነይሩ።



ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ዑስማን ዓብደልቃድር፡ ሞያ ምምህርና ናይ ጋንታ ስራሕ ስለዝኾኑ፡ ሰልጠንቲ ምስ ኩሎም ኣብ ህንጸት ልቦናን ኣእምሮን ተመሃራይ ዝተዋፈሩ ኣካላት ተወሃሂዶም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።



# ኣብ ኣዱብሓን ቅሮራን፡ ናይ ምሕደራ ስልጠና ተዋሂቡ

ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣዱብሓን ቅሮራን ንዝጸጥፉ ሓደስቲ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕ፡ ኣኩቡቲ ግብሪ፡ ኣሃበርቲ ዓዲ፡ ተሓዝቲ ገንዘብ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ሰራሕተኛታትን ካብ 3 ክሳብ 9 ሕዳር ኣብ ምሕደራን ኣተሓሕዛ ሕሳብን ዘተኩረ ስልጠና ሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ሓፈሻዊ ኣምራት ምሕደራ፡ ምድላው ወጥንን ባጀትን፡ ምሕደራ ገንዘብን ንብረትን፡ ወጽኢታዊ ርክብን ኣፈታትሓ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥም ግርጭታትን፡ ኣተሓሕዛ መዛግብትን ሰነዳትን፡ ምሕያል ስነምግባር ሰራሕተኛታትን ምሕደራ ፕሮጀክትን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

እዚ ብወሽጣዊ ዓቕሚ ምምሕዳር ዞባ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብመሰረት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂካዊ ወጥን ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ኣማኑኤል ገብረብርሃን ገሊጹ።

ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ቅሮራን ኣዱብሓን ኣብ ዝሃብዎ መዛዘሚ ቃል፡ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላት ንምዕባይን ትካላዊ ኣሰራርሓ ንምሕያልን በብእዋኑ ስልጠናታት ክውደብ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ቀሲሞሞ ብዘለዉ ፍልጠት፡ ኣብ ምምሕያሽ ዝወሃብ ኣገልግሎት ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ትጽቢት ከም ዝገብረሎም ሓቢሮም።

ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከሊመዲያዊ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ፡ ካብ ወርሒ መጋቢት 2025 ጀሚሩ፡ ኣብ 10 ንኡሳን ዞባታትን 330 ምምሕዳራት ከባቢን ኣብ ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ምሕደራን መራሕነትን ዘተኩረ ስልጠናታት ክውድብ ምጽንሑ ዝፍለጥ'ዩ።

- - - - -


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ　　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284


# ድገ - ዝተኣታተወ ምሩጽ ኣዝርእቲ ተቐባልነት ረኺቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድገ፡ ክኢላታት ሕርሻ ኣብ ግራውቲ ዝፈተንዎ ምሩጽ ኣዝርእቲ መሽላን ዓይኒ-ዓተርን፡ ብሓረስቶት ልዑል ተቐባልነት ከምዝረኸበ ተገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ቴድሮስ ገብረማርያም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓረስቶት ብምኽሪ ሞያውያን ኣብ ሓደ ግራት ዝተፈላለየ ጥረታትን ኣእካልን ብምዝራእ፡ ርቡሕ እቶት ክሓፍሱ ክኢሎም ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ወኪል ጨንፈር ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ነጋሲ ሃብተሚካኤል ብወገኑ፡ ብክኢላታት ሕርሻ ዝወሃብ ኣስተምህሮታት ኣብ እቶታውነት ሕርሻ ዘለዎ ኣስተዋጽኦ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ብንቕሓት ምስ ዝሰርሑ፡ ጽቡቕ ወጽኢት ከም ዝረኽቡ ኣብሪሁ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣቡበከር ዑስማን፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት እቶትን እቶታውነትን ክብ ንምባል ዝተገብረ ጻዕሪ እቲ ዝደለ ወጽኢት ንኽርክብ፡ ንቕሓት ሓረስቶት ወሳኒ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ውሑስነት ዘረጋግጹ ዘርእታትን ዝምርጋጽ፡ ወፈራታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከካይዱን ምስ ክኢላታት ሕርሻ እናተላዘቡ ክሰርሑን ተላቢዩ።

ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ድገ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ዘርኣብሩኽ ብወገኑ፡ ምዝራእ ጥረታት ኣብ ንኡስ ዞባ ድገ ንመጀመርያ እዋን ይተኣታቶ ብምህላው፡ ንዘበለጸ ምህርቲ - ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን ተወሃሂዶም ክሰርሑ ከምዝድሊ ገሊጹ።

ሓረስቶት ኣብ መወዳእታ፡ ብክኢላታት ንዝተገበረሎም ሓገዝ ብምምስጋን፡ ሞያዊ ኣስተምህሮታትን ግብራዊ ስልጠናታትን ብቐጻሊ ክወሃብ ኣተሓሳሲቦም።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:10 | ድራማ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ስሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ ከበቢ |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ቴክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዕላል ተመክሮ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሜላታት ኣፈታትሓ ግድላት ቍጽሪ 3ይ



*ህይወት፡ መሰረዕ ግድል'ያ፣ ግድላ ክትፈትሕ ከኣ ጥበብ የድሊ። ጥበብ ካብ ብዙሕ ክጥረ ይከኣል። ኣብዮተ ትምህርቲ ነዚ ዘየዕርፍ ግድላት ህይወት ንምፍታሕ ጥበብ ካብ ዘዕጥቑ ኣካላት'ዩ። ዝዓበየ ሸነኹ ከኣ ብቍጽሪ ኣቢሉ ይምህሮ። ቍጽሪ፡ መፍትሕ ግድላት ህይወት'ዩ። ቍጽሪ ብኣገባብ፡ ፍቕርን ኣድህቦን ምስ እንምሃሮ እምበኣር፡ ጥብበ ኣፈታትሓ ግድላት ህይወት ከም ምዕጣቕ ክሕሰብ ይከኣል።*

*ከምቲ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርትና እንዕዘቦ፡ ግድላት ዘየዳ ኲሉ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ኣብ ቍጽሪ ኢና እንረኽቦ። ቍጽሪ - ግድላት፣ ግድላት - ቍጽሪ፣ ኲሉ ሳዕ ተተሓሒዙ ዝመጽእ ኣርእስቲ'ዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍ ከኣ ኣብ ቍጽሪ ግድላት ንፈትሓሉ ገለ እንዶታት ተኸፋፊሉ ክቐርብ'ዩ።*

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት ከኣ ብፍሉይ ንጥበብ ኣፈታትሓ ግድል ቍጽሪ ዝገልጽ ትሕዝቶ ኣቕሪብና። ሃንጋሪያዊ ክኢላ ስነ-ቍጽሪ ጆርጅ ፖልያ ብ1945 ኣብ ዘዳለዎ መጽሓፍ፡ ኣርባዕተ ሜላታት ኣፈታትሓ ግድላት ቍጽሪ ኣቐሚጡ ኣሎ። ምርዳእ ግድል፣ ግድል ዝፍትሓሉ ጥበብ ምልላይ፣ ነቲ ጥበብ ምትግባር፣ ከምኡ'ውን ምርግጋጽ እዮም። ካብዞም ኣርባዕተ መድረኻት ምርዳእ ግድልን ግድል ዝፍትሓሉ ጥበብ ምልላይን ንዝብል ኣርእስታት ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ኸኣ እቶም ዝተረፉ ክነስዕብ ኢና።

### ሳልሳይ መድረኽ፡ ነቲ ጥበብ ምትግባር

ፈለማ ግድል ምስ ተረዳእካዮ፡ ብኸመይ ከም እትፈትሖ ኢኻ እትሓስብ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታማትና ዝቐረበ ትሕዝቶ ድማ ብዝርዝር ኣብርሂዎ ኣሎ። ድሕሪ'ዚ ክልተ ጥበባት ዝስዕብ ከኣ ነቲ ኣለሊኻዮ ዘለኻ ጥበብ ኣፈታትሓ ግድል ብኸመይ ተትግብሮ እዩ። እዚ ልክዕ ከም መስርሕ ህንጻ ገዛ ምስራሕ ጌርካ ክትወስዶ ይከኣል እዩ። ፈለማ ዳህሳስ ኣካይድካ ኣበይ ከም እትሰርሖ ትፈልጥ፡ ድሕሪኡ ንድፌ ተውጽእ፡ ነቲ ንድፌ ብኸመይ ተተግብሮ ኸኣ ትሓስብ። ክሳዕ ሕጂ በጺሕናዮም ዘለና ሰለስተ መድረኻት ኣፈታትሓ ግድል ከኣ ምስኡ ይዛመዱ። ግድላትን ዝፍትሕሉ ጥበብን ድሕሪ ምልላይ፡ እቲ ሓሲብካዮ ዘለኻ ጥበብ ውጽኢታዊ ድዩ ኣይኮነን ብግብሪ እትፍትነሉ መድረኽ ስዒቡ ይመጽእ።

**1–** ብልሓተኛ ምኳን፤ ዝተፈላለየ ኣገባብ ወይ ስትራተጂ ክንፍትን እንከለና፡ ብልሓተኛታት ንኹን። እቲ ንሓደ ግድል ንምፍታሕ ዝሕግዝ ኣቓዲምና እንፈልጦ ጥበባት ወይ ኣገባባት ኲሉ ኣብ ሓደ ግዜ ክንፍትኖ ኣይንሃቕን። ሓንቲ ኣገባብ ኣብ ሓደ ግዜ እናፈተንና፡ ንኹሉ ተኽእሎታት ክንበጽሖ ንኽእል ኢና።

**2–** ምርግጋጽ፤ ሓደ ግድል በቲ ቅኑዕ ዝመሰለና ኣገባብ ሰሪሕና፡ መልሱ ረኺብናዮ ኣብ ዝበልናሉ እዋን፡ ናብ መደምደምታ ኣይንተሃወኽ። እቲ ተጠቒምናሉ ዘለና ኣገባብ ኣፈታትሓ ግድል ቅኑዕ ኣሎ ድዩ ምስ መልሲ ብምንጽጻር ከነረጋግጽ ይግባኣና። ኣገባብ ኣፈታትሓ ግድል ኣብ ተመሳሳልቲ ግድላት ክሰርሕ ዝኽእል ድዩ ምርግጋጽ'ውን ኣገዳሲ እዩ።

**3–** ተዓጻጻፊ ምኳን፤ ኣብ ዝቐደመ ነጥቢ፡ "ሓንቲ ኣገባብ ኣብ ሓደ ግዜ እናፈተንና፡ ንኹሉ ተኽእሎታት ክንበጽሖ ንኽእል ኢና፡" ኢልና ጸኒሕና። ሓንቲ ጥበብ ፈቲንና፡ ዘይተሰርሐን ምኳና እንተ ፈሊጥና፡ ካልእ ኣገባብ ክንፍትን ሰገጥ ኣይንበል። ካልእ ዝሓሸ ኣገባብ ክህሉ ምኳኑ ርጉጽ እዩ። እቲ ዝከኣለና ብዘይ ምርብራብ ክንፍትን ዘየዳ ተበላሓትቲ ይግብረና። ኲሉ ፈቲንና እንተ ዘይተኻእለና ኸኣ ንመማህርትና፡ መምህራናንን ክሕግዙና ዝኽእሉ ሰባትን ምውካስ የድልየና።

**4–** ተስፋ ዘይምቍራጽ፤ ኣብ ኲሉ ህይወትና ትዕግስቲ ጽቡቕ እዩ። ግድላት ክንፈትሕ እንሕተቶ ትዕግስቲ ኸኣ ኪንዮ'ቲ ኣብ ትምህርትና ዝሕግዘና፡ ኣብ ህይወትና ንዘጋጥም ግድላት ብዘይ ምሕላል ክንፈትሖ ናይ ምቅላስ ሓቦ ከነጥሪ ይሕግዝ እዩ። ግድላት ክንፈትሕ እንከለና፡ እናሻዕ ክኣቢ፡ ኣብ ገለ ደረጃ ምስ በጻሕና ዕጽው ክብለና ይኽእል እዩ። ከይተሓለለና ብኹሉ ዘለና ተኽእሎታት ክንቃለሶ የድልየና። እቲ እንጽበዮ መልሲ ቀልጢፍና ስለ ዘይረኸብናዮ፡ መልሱ ክርከብ ዘይከኣል ስለ ዝኾነ፡ ወይ ኣመና ብርቱዕን ዝተኻለለኽን ስለ ዝኾነ ኣይኮነን። መልሲ ዘይብሉ ግድል፡ ኣብ ትምህርትና ኮነ ኣብ ህይወትና የለን።

### ራብዓይ መድረኽ፡ ምርግጋጽ

ኲሉ ግዜ ዝሰራሕናዮ ናይ ምርግጋጽ ልምዲ ክህልወና ኣገዳሲ እዩ። ዋላ እቲ ዝቐለለን ኣጸቢ'ቕና እንፈልጦ ዝመሰለናን እንተኾነ፡ ሓንሳእ ሰሪሕና ምስ ወዳእና ቅኑዓት ኣለና ማለት ኣይኮነን። መልሲ ናይ ዝፈታሕናዮም ግድላት፡ ቅኑዓት ኲይኖም ክስምዑና ይኽእሉ እዮም። ተመሊስና ቅኑዕነትና ምርግጋጽ ከኣ ናብ ምልኣት ይወስደና። ዓይነትን ባህርን እቲ ግድል፡ ጥበባት ኣፈታትሓ ግድል፡ ምኽንያታውነት ናይቲ ዝተጠቐምናሉ ኣገባብን ካልእን ነቲ ዝሓለፍናዮ መስርሕ ከነረጋግጽ እንከለና እንቓሰሞ ተወሳኺ ፍልጠት እዩ።

ኲሉ ግዜ ድሕሪ ናይ ቍጽሪ ግድል ወይ ፈተና ምምላስና፡ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንነብስና ክንሓታ ጽቡቕ እዩ፤

- እቲ ዝዓበየ ብድሆ ናይዛ ሕቶ ኣየናይ እዩ ነይሩ?

- ኣየናይ ኣገባብ ኣፈታትሓ ግድል ዝያዳ ኣድማዒ ነይሩ?

- ኣብ ተመሳሳሊ ግድል ካልእ ክገብሮ ዝኽእል እንታይ ኣሎ?

- ካብዚ ተመኲሮ እንታይ'የ ክሲብ ወይ ተማሂረ?

እዚ ሕቶታት ምምላስ፡ ነጽብራቕ ናይቲ ዝሓለፍናዮ መስርሕ ክንግንዘቦ ይሕግዘና። ኣብቲ ዝሓለፍናዮ መስርሕ ምፍታሕ ግድል ዝነበረና ብልጫናን ኣብ መጻኢ ክንምልኦ ዘድልየናን ከኣ ኣነጺሩ የርእየና።

መም. ስተላ መሓረና

## ዓቢ ሓሳብ ዓቢ ሰብ ይገብረካ

"ኣብ መዓልቲ ሓሙሸተ ብርጭቆ ማይ እሰቲ፡" "ንግሆ ተንሲአ ዕለታዊ ክልተ ኪሎሜትሮ እጉዩ፡" ወዘተ ንብል ኢና። ኣብ መዛኒት ማሽን ምስ ተሰቐልና ዝህበና ቍጽሪ'ኸ ብምንታይ ንዕቅኖ?

እወ! ብኒውተን (N) እዩ ዝዕቀን። ኒውተን ካብ 1642 ክሳብ 1727 ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ብህይወት ዝነብር ዝነበረ ሰብ'ዩ። እንታይ ስለ ዝገበረ ድኣ'ዩ ሚዛን (ወይት/ፎርስ) ብስሙ ክዕቀን ዝበቕዐ? - ቅድሚኡ ዝነበሩ ሰባት ዘይገበሩዎ ክገብር ስለ ዝኸኣለ'ዩ። እቶም ፍሉይ ጠቓሚ ነገር ንዓለም ዘበርከቱ ስሞም እናተጸውዐ'ዩ ዝነብር።

ኒውተን ክውለድ እንከሎ ኣዝዩ ደቂቕ ብምንባሩ፡ ክዓቢ'ዩ ዝበሎ ኣይነበረን። ምስ ዓበየ'ውን እቶም መሳቱኡ ኣይፈልጡዎን'ዮም ዝነበሩ። ግዜኡ ሓጻዊን ኣብ ምግጥጣም፡ ዓለልፈለል ኣብ ምስራሕ፡ ሕንጻጻት ኣብ ምስኣል ዘሕልፎ ነበረ። ሰሪ ዝኽትምና ህይወት ኣንከላቢታቶ እያ። ኢዱ ግን ኣይሃበን። ኣብቲ ዝብህነ ኣበርቲዑ'ዩ ዝሰርሕ ዝነበረ። ነገራት ከመይ ገይሮም'ዮም ዝሰርሑ? እናበለ ከኣ ይመራመር ነበረ። በዚ ቀጺሉ ብዙሕ ነገራት ክምህዝን ክድህስስን ከኣለ። ሓደ ካብኡ 'ስሕበት መሬት' እዩ።

ኣብ ሓደ ጀርዲን ናይ ቱፋሕ ኮፍ ኢልካ እንከለኻ፡ ሓንቲ ፍረ ቱፋሕ ርእስኻ እንተ ተሃርመካ እንታይ ምበልካ? ንኒውተን ቅድሚ 334 ዓመታት ፍረ ቱፋሕ ኣብ ነብሱ ወዲቓቶ። ኣልዒሉ ክበልዓ ኣይሓሰበን፣ "ንምንታይ ንታሕቲ ወዲቓ? እንታይ ኲይና ንላዕሊ ወይ ንጐድኒ ዘይከደት?" ኢሉ ግን ሓሲቡ። ካልእ ዝሕሰብ ስኢኑ ድዩ ንምንታይ ትወድቕ ኢሉ ዝሓሰበ? ኣይኮነን! ኣረ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዓዲ እንግሊዝ ብሕማም ፌራ ተለቢዳ'ያ ዝነበረት፣ ሞትን ወረ ሞትን'ዩ ዝነበረ። ኒውተን ከኣ ኣብ ሓንቲ ገጠር ኲይኑ የንብብ፡ ይሓስብን ብዛዕባ ግድላት ስነ ቍጽሪ ይጽሕፍን ነበረ። ሳላ ኣብቲ ክገብሮ ዝኽእል ዘድሃበ ድማ ከም ውጽኢቱ ዝበለጸ መሳርሒ ናይ ማትስ ዝኾነ 'ካልኲላስ' ዝበሃል (ኣብ ዩኒቨርሲቲ እትመሃሮ) መሃዘ።

እቲ ፌራ ኣብ መላእ እንግሊዝ ኣብ ዝላብዓሉ ዝነበረ እዋን፡ ኒውተን ሕብርታት ብርሃን ከመይ ገይሮም ከም ዝፍጠሩን ምስ ጻዕዳ ብርሃን ዘሎዎም ዝምድና እንታይ ምኳኑንን ይሓስብ ነበረ። ነቲ ሓሳባቱ ጠርኒፉ ኣሕቲሙዎ። ንስነ ፍልጠት ዓቢ ስራሕ ኣበርከተ። እቶም ሰባት ግን ኣይተቐበሉዎን። ነዚ ምስ ርኣየ ናብ ውልቃዊ ህይወቱ ተመሊሱ መጽናዕቱ ቀጸለ። ብድሕሪኡ ኣድህቦኡ ናብ ፕላኔታት ኣበለ። ፕላኔታት ኣብ ዙርያ ጸሓይ ከም ዝዞራ ካብ ኢጣልያዊ ጋሊልዮ ጋሊሊ ይፈልጥ ነይሩ'ዩ። ካልእ ሕቶ ግን ነይሩዎ፣ "ኣብ ሓደ መገዲ ጥራይ ከም ዝኸዳ ዝገብረንከ እንታይ'ዩ? ዘንቀሳቕሰን ሓይሊ'ኸ እንታይ'ዩ?" ዝብል ሕቶ። ኣብ ከምዚ ሓሳብ እንከሎ እያ ከኣ እታ ፍረ ቱፋሕ ዝወደቐቶ። ነታ ቱፋሕ ንታሕቲ ዝሰሓባ ሓይሊ ክህሉ ኣሎዎ ኢሉ ከኣ ሓሰበ። እዚ ነተን ፕላኔታት ዝስሕበን ሓይሊ ድዩ? ነተን ኣብ ዙርያ መሬት ዝዞራ ወርሒታት ዝስሕበን ሓይሊ'ኸ እዚ ድዩ? - እናበለ ሓተተ። መልሲ ንምርካብ ብዙሕ ካልኲሌሽናት ኣካየደ። እቲ ዝረኸቦ ውጽኢት ትሑት ስለ ዝነበረ ግና ተስፋ ስኢኑ ነቲ ናይ 'ስሕበት መሬት' ሓሳቡ ኣቋረጾ። ንነዊሕ ዓመታት ዝኣክል'ውን ኣይተመለሶን። ነቲ ናይ ብርሃን መጽናዕቱ ግን ቀጸሎ - ሓያሎ ወረቓቕቲ'ውን ኣሕተመ። ናይ ኒውቶን ስርሓት ኣብ ብርሃንን ካልኲላስን ነቶም ብድሕሪኡ ዝመጽኡ ስነ ፍልጠተኛታት ዓቢ ሓገዝ'ዩ ነይሩ። ተስፋ ቀቢጹ ዝተርፍ ወዲ ስለ ዘይነበረ ድማ ነቲ ናይ 'ስሕበት መሬት' ሕቶኡ ንምምላስ መዓንጣኡ ሸጥ ኣቢሉ ተበገሰ። ንዓመትን መንፈቕን ኣብ ናይ ብሕቱ ክፍሊ ተዓጽዩ ምርምሩ ኣካየደ። ካብታ ክፍሉ ዝወጻለን መዓልታት ኣዝየን ሒደት'የን። ንሰን ከኣ ድራሩ ንምብላዕ ናብቲ መመገቢ ኣዳራሽ ዝኸደለን'የን። ዝበዝሐ እዋን ግን መግቢ ናብታ ክፍሉ'ዩ ዝውሰደሉ ዝነበረ። ፍረ ምርምሩ ድማ ንሕትመት ኣብቅዐ። እታ ህብብቲ መጽሓፉ በቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንመሃሮ "Law of Motion" እያ እትጅምር። 'ሓደ ነገር ዝንቀሳቐስ ዘደፍኦ ሓይሊ ምስ ዝረክብ'ዩ" ዝብል ነዊሕ ዓመታት ሰረት ዝነበሮ ሓሳብ ብምቅዋም፤ እኳ ድኣ፡ ሓደ ነገር ገለ ነገር ደው ዘብሎ ክሳብ ዝረክብ ምንቅስቓሱ ይቕጽል ብምባል'ዩ ከረጋግጾ ዝኸኣለ። ጸሓይን ፕላኔታትን ቦታአን ሓልየን ዘሎዋ ሳላ ስሕበት ጸሓይ ምኳኑ'ውን ብመጽናዕቱ በጽሖ።

ኒውተን ብዝዓየየ ዝትዕነን ኣይነበረን። እኳ ድኣ ከምዚ ክኸውን ዝኸኣልኩ ሳላ'ቶም ቅድመይ ዝነበሩ ባይታ ዘንጸፉለይ እየ ብምባል'ዩ ዝተዛረበ። ዓቢ ሓሳብ ምሕሳብ ዓቢ ሰብ'ዩ ዝገብረካ። ኒውተን በቲ ዕለታዊ ሸግራቱን ጸገማቱን ዝሸገርን ዓቕሉ ዝጽብብን እንተዝነብር ነይሩ፡ ነዚ ዓበይቲ ርኽበታትን ምህዞታትን'ዚ ክዓዮ ኣይምኸኣለን ነይሩ። ክዕወት ዝኸኣለ ፍሉይ ስለ ዝኾነ'ውን ኣይኮነን - ስለ ኣበርቲዑ ዝጸዓረ'ምበር።

# ሻባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ሓሳብ ልብና ክሰምር

ኣስቴር የማነ



“ሓሳብ ልብኻ/ኺ የስምረልካ/ኪ!” እትብል ምርቓ ብተደጋጋሚ እንሰምዓ ምርቓ እያ። ከምኡ ተባሂሉ ክምረቕ ዘይብህግን፡ ከምኡ ኢሉ ክምርቕ ዘይስማዕን ድማ ክንደየናይ ከይህሉ። ስለዝኾነ እዩ ኸኣ ዝበዝሐ እዋን ቀዳመይቲ ካብ ልሳን መራቒና እትወጽእ እዛ “ሓሳብ ልብኻ/ኺ የስምረልካ/ኪ!” እትብል ምርቓ እትኸውን። ንሕና'ውን ብግደና፡ ምኽንያት ኣብ ዝረኸብናሉ እዋን ሰናይ ምንዮትና ንምግላጽ ናብ ካልእ ሰብ ብመልክዕ ምርቓ እነሰጋግራ፡ ቀዳመይቲ እዛ ምርቓ እዚኣ'ያ እትኸውን። ካብ ምሒር ምብሃጋ ዝተላዕለ፡ “ሓሳብ ልበይ ኣስምረለይ!” ብምባል ኣብ ዕለታዊ ጸሎትና ከይተረፈ ዘይነእትዋስ መዓስ ኴንና። መበገሲ ናይ`ዚ ኹሉ ባህጊ፡ ሓሳብ ልብኻ ሰሚሩልካ፡ ድሌትካ ምስ ረኺብካ ዘሎ ናይ ዋንነት ዕግበት ኣዝዩ ዓቢ ስለዝኾነ እዩ።

“እንታይ ትደሊ፧” ዝብል ሓታቲ ምስ እንረክብ፡ ነየናይ ድሌትና ከም እነቐድም ክሳብ ዝጠፍኣና ኵሉ ዓይነት ባህጊና ምዘርዝርና። ዝርዝር ኣብ ልዕሊ ዝርዝር ደራሪብና ምረቛሕና። ዘመናዊ ክዳውንቲ፡ ዘመናዊት ሞባይል፡ ዘመናዊት መኪና፡ ሓላፍነት ምውሳኽ፡ ሓድሽ ቦታታት ምርኣይ፡ ወዘተ.፣ ብፍላይ ኣብ ውዑይ ዕድመ ዘሎ መንእሰይ እሞ ኸኣ እንታይ ዘይደሊ፣ እንታይከ ክውንን ዘይብህግ!። ደቂ ሰባት፡ ድሌታትና መጀመርታ እምበር መወዳእታ ከም ዘይብሉ፡ ነፍሲወከፍና መርትዖ ኢና። ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ካብ ዘመን ናብ ዘመን፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናበለ ክመጽእ ጸኒሑ፣ ቅልጣፈኡ ብምውሳኽ ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ሰብ ዘምጽኦ ምዕባለ ኸኣ ንሱ ከይኮነ ኣይተርፍን። ዘይውዳእ ድሌታት።

ዝበዝሕ እዋን፡ ሓሳብ ልብና ማለት ድሌታትና ክሳብ ዝሰምሩልና ኢና ካብ ውሽጥና ዘይነርሕቐም እምበር ምስ ሰመሩልናስ ክንድ'ቲ ንምርካቦም እንገብሮ ዝነበርና ጻዕርታት፡ ንምዕቃቦም ክንጽዕር ኣይንርእን። እዚ፡ ከም ዓቢ ድኽመት ክጥቀስ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ብፍጥረትና ነቲ ደም ርሂጽና ዝጨበጥናዮ ነገር፡ ብቐሊሉ ካብ ኢድና ክንፍንዎ ግን ድሌት የብልናን። እዚ ድማ ንድኽመትና ከም ከውሊ ኮይኑ ከገልግለና ይርአ። ‘ዝሰመሩ ድሌታትና’ ነበርቲ ንክኾኑ ክንገብረሎም ዝግበኣና ምክንኻንን ኣድህቦን እንተ ጎዲልዎም ብኡ መንጽር ድማ ከነስተማቕሮ ዝጸናሕና መቐረት ህይወትና ክጽሎ ዓቢ ተኽእሎ ስለዘለዎ፡ ዘንጠብናየ ረሃጽ ንኽንቱ ክትከውን ኣይንደልያን።

እስኪ ክንደይ ካብ ድሌታትና ኢና ተዓዊትናሎምን ሰሚሮምልናን ዘለዉ፧ ክንደይ ካብኦምከ ኣይሰመሩልናን ኢልና እስከ ውሽጥና ሃሰስ ንበል። ብዙሕ ዘይተሰርሐ ዕዮ-ገዛ ከምዘጸንሓና ፍሉጥ እዩ። ደቂ-ሰባት፡ ምስ ድሌታትና ዝዓረግ ጉድለታት ስለዘለና ዘይሰመረ ድሌት ክህልወና ግድን እዩ። እሞ.... ነዚ ዘይሰመረ ድሌትና ደኣ እንታይ ንግበሮ፧ ‘እዚ ደኣ እንታይ ሕቶ ኣድልይዎ፡ ሃየ ሓቦ ንበል፡’ ዝብል መልሲ ናይ ገለ ውዑያት ደም ከምዘሎ ፍሉጥ እንድዩ፡ እቲ ጸገም ግን ሓቦ ኢልና ብረስኒ ተበጊስና ክንስና፡ በቲ ኣብ መንገድና ዝጸንሓና ሓርጎጽጎጽ ተሰናኺልና ስጉምትና እነዝሕል ካብኡ ሓሊፍና'ውን ጉዕዞና ደው እነብል ብዙሓት ስለዘለና እዩ። ምኽንያቱ፡ ገሊኦም ድሌታትና ንምርካቦም ኣዝዮም ቀለልቲ፡ ከምዚ ናብ ድኳን ክይድ ኢልካ እተምጽኦም ዓይነት ስለዝኾኑ ንኽንጭብጦም ብዙሕ ጻዕሪ ኣየድልየናን እዩ። ገሊኦም ግን ኣብ ህይወትናን ምንባርናን ዓቢ ለውጢ ክገብሩ ዝኽእሉ ስለዝኾኑ፡ ንምጭባጦም ኣብ ዝግበር ጉዕዞ፡ ኣዝዩ ከቢድን ብርቱዕን ጻዕሪ የድልየና። ስለዝኾነ፡ ነቲ ካብ ጉዕዞና ከሰናኽለና ዝሸምቦብ ህቦብላ ንፋስን፡ ክጸቕጠና ዝህንደድ መንደረጋሕን ብትዕግስቲን ሚላን እናሕለፍና፡ በሊጽና ክንወጽእ ክድልየና እዩ። ዝተነኽሰ ሰንና ድማ ድሕሪ ዓወትና ንኽንስሕቖ ጥራይ'ዩ ክኽፈት ዘለዎ።

ግንከ፡ እዞም ኩሎም ድሌታትና ኣብ ባይታ ንረኽቦም ዲና፧ እቲ መልሲ ኣብ ናይ ነፍሲወከፍና ጻዕርን ሓርኮትኮትን ከም ዝምርኮስ ኩልና ዘይንስሕቶ ሓቂ እዩ። ንባዕሉ እቲ ድሌታትና ክውንነታዊ ድዩ ኣይኮነን ከኣ ኣብ ግምት ዝኣቱ እዩ። ንኣብነት'ሲ ካብ ባዶ ተበጊስካ ብሰማይ ሰማይ እትበርር መኪና እናዘወርካ ክትከይድ ክትብህግ ኣይግበኣካን። እቲ ምንታይሲ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ ስለዝኾነ። ናብኡ ንምብጻሕ፡ ግድን ኣቐዲምካ ዘንጸፍካዮ ባይታ ክህልወካ ኣለዎ። ወይ ባዕልኻ ንኽትምህዛ ንዓኣ ዝበቅዕ እኹል ፍልጠት ክትድልብ ኣለካ ወይ ከኣ ክሳብ እትመሃዝ ክትጽበ ኣለካ። ምርጫና እቲ ዝቐደመ እንተኾይኑ፡ ኣእዳውና ኣጣሚርና ክንርኢ ኣይግባእን እዩ። እንታይ ዓይነት ጻዕሪን ጸዓትን ከነጥፍእ ኣለና ንምግማቱ ዘጸግም ስለዘይኮነ ከም ርዱእ ንውሰዶ። ምርጫና እቲ ዝደሓረ ምስ ዝኸውን ግን.... እዋእ፡ እንድዒ.... ምስ ህርፋንና እንከለና ዕድሜና ተቐጺረን ከየብቅዓ'ሞ ንሱን ከምኡን ዝኣመሰለ ጾር ዝኾነ ዘይተወደአ ዕዮ-ገዛ ሒዝና ከይንሓልፍ። ከምዚ፡ ‘ሕልሚ ደርሆ’ ዝኾነ ዓይነት ድሌትስ ንየው ደኣ ንበሎ። ኢድና ሓዊስና ከነርክቦ ዘይንኽእል ሕልሚ እንተኾይኑስ እንተገደፍናዮ'ውን ዘጉሂ ኮይኑ ኣይስመዓንን።

ድሌታትና ክንዝርዝሮም እንተጀሚርና፡ ኣዝዮም ክበዝሑና ስለዝኽእሉ፡ ንኹሎም ብሓደ ግዜን ብሓደ ጸዓትን ከነስምሮም ኣይንኽእልን ኢና። ከከም ዓይነቶም፡ ኣገዳስነቶምን ህጹጽነቶምን እናበልና ብቕደም ተኸተል ሰሪዕና እንተሰሪሕናሎም እዩ እቲ ንቡር። ‘ብሓንቲ እምኒ ክልተ ዑፍ’ ዝዓይነቱ ኣካዪዳ ሒዝና፡ ንኹሎም ኣብ ሓደ ግዜ ከነርክቦሎም ኢና ኢልና እንተጎዩና ግን ኣይኣብዚ ኣይኣብቲ ካብ ኩሉ ሓዲግ ኢና እንኸውን። ናብ ኩሉ ክንማጠጥን ከነተኣኻኽልን ብምባል፡ እቲ ንሓደ ክንህቦ ዝግበኣና ግዜ፡ ጻዕሪን ምክንኻንን ስለዝጎድለና፡ ሃሊኽና ጥራይ ኢና እንተርፍ። ምናልባት.... ምናልባት.... እንተኾነ ከኣ ኣብቲ ከባቢኡ ደኣ ትዝምቢ እምበር ብልክዕሲ ኣይትበጽሖን። ቀዳምነታት ዘይምስትውዓል፡ ኣብ ሓደ ግዜ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ንዝሓዙ ድሌታትካ ምጉያይ፡ ጸጋታትካ ዘይምምዛን ተባሂሎም ዝጥቀሱ ረቛሒታት፡ ገለ ካብቶም ድሌታትና ንኸይሰምሩ ዝኽልክሉና'ዮም። ንድሌታትና ሰኣን ብህድኣትን ዕቱብነትን ምሓዞም ዝሰዕብ ሃልኪ ስለዝኾነ ኸኣ ብዓቢ ኣተኩሮ ክንጥምቶምን ኣቐዲምና ክንዳለወሎምን ኣለና።

ዘይሰመሩ ድሌታትና፡ ንረኽቦም ዘይኮንና ናብ'ቲ ዘለውዎ ብምኻድ ኢና ነርክቦም። ናብ'ቲ ዘለውዎ ብምኻድ፡ ካብቲ ተሰቂሎሞ ዘለዉ ቀንጢብና ብምውራድ ኢና ኣብ ኢድና እንጭብጦም። ባዕልኻ ኣምጺእካ ኣብ ኣእዳውካ ምስ ጨበጥካዮ ዝስመዓካ ዋንነትን ፍስሃን፡ እቶም ዝፈተንዎ'ኳ ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎን ዘስተማቐርዎን እንተኾኑ፡ እቶም ዘየስተማቐርናዮ ድማ ነፍሲወከፍና ፈቲንና ክንፈልጦ ናባኹም ይገድፎ። ካብዚ ዝተረፈ ግን ባህግታትና ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ኣብ ቅድሜና መጺኡ ኮፍ ክብል ኢልና ምሕላን ካብ ክውንነት ምርሓቑ ከይኣክል፡ ኣፍና ማይ ኣምዒጉ ክትርፈና ስለዝኾነ ዘይምሕሳቡ ይምረጽ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ክንዲ “ከምዚኣ ዝጎደለትኒ ኣላ፡” እናበልና ሕርኽርኽ ዝብለና ነገር ጼርና እንነብር፡ ድሌትና ንምስማር ገለ ንኡሽተይ ነገር ሰሪሕና ሩፍ ኢልና ምድቃስ ይሓይሽ ዝብል ሓሳብ እዩ ዘለኒ። ብፍላይ ከኣ እቶም ሰብ ውዑይ ሓይሊ ዝኾንና መንእሰያት፡ ጸዓትና ብዝግባእ ኣመሓዲርና ናብቲ ዝያዳ ክሰምረልና እንደልዮ ድሌትና እንተሰጎምና እዩ ሓሳብ ልብና ሰሚሩ ኣብ መዕለቢኡ በጺሑ እንርእዮ። ከመይሲ፡ እቲ ዝያዳ ግዜን ጉልበትን ሂብና ዝሰራሕናሉ ነገር፡ ዋላውን ንእሽቶ ትኹን ለውጢ ከርኢ ግድን ስለዝኾነ።

> “ጉዕዞ ሽሕ ማይል፡ ብሓደ ስጉምቲ ይጅምር።”
>
> ቻይናውያን

ኣብዚ ዘመን ዘርከብና ሰብ ዝበዝሐ ህይወትና፡ ኣናብራና፡ ፍልጠትና፡ ሓይሊናን ጸጋናን ካብ ትማሊ ዝረኸብናዮ እዩ። ቀዳሞት ዝነበሩ ወለዶታት ተመራመርቲ፡ መሃዝቲ፡ ፈጠርቲ እዮም ነይሮም። እቲ ፍልጠቶም፡ ምህዞኦም፡ ፈጠራኦምን ተሞኲሮኦምን ንዓለም ኣብ'ዚ ደረጃ ክትበጽሕ ኣኽኢሉዋ። ንኹሉ ፍልጠት መበገሲ ኣሎዎ። ነቲ ፍልጠቶም ኣብ ግብሪ ደጋጊሞም ብምፍታን ክዕወቱሉን ክሳብ ሎሚ ክጽውዑሉን ክኢሎም። ነዚ ናይ ሎሚ ወለዶ ኸኣ ሓፍ ዘይብል ፍልጠትን ናይ ምፍታን ዓቕሚን ዕድልን ገዲፎሙሉ ሓሊፎም።

ንሕና'ውን ብዘይ ፍልጠት፡ ምህዞን ፈተነን ናብራና ክንለውጥ ኣይከኣልን'ዩ። ከምቲ ቀዳሞት ንዘመና ዝጽውዑሉ ዘለዉ፡ ክንጽዋዕ ንኽእል ኢና። “ቀዳሞት እዚ ዝገበሩ... ቀዳሞት ከምዚ ዝፈጠሩ... ወዘተ..” ክንብሃል ንኽእል ኢና። ኵሉ ብሓንቲ ስጉምቲ'ዩ ዝጅምር።

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ሰንዓ ዘመናዊት ጋብያ ደርሁ

እዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ዓለምና፡ ብምህዞ ጻዕራማት ሰባት ዝጀመረ'ዩ። እቲ ምዕባለ ቀጻሊ ክኸውን ከኣ ምህዞ'ውን ክቕጽል ኣለዎ። ምህዞ፡ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ነገራት፡ ጥበብ ብዝተሓወሶ መገዲ ኣብ ረብሓኻን ረብሓ ከባቢኻን ምውዓል'ዩ። ምስ ግዜ ኸኣ፡ ናይ ብዙሓት ሰባት ሓሳባትን ርእይቶታትን ይሕዎሶ'ሞ፡ ንሕብረተሰብ፡ ሃገርን ዓለምን ዝጠቅም ይኸውን።



ኣቶ ኤሸን ዘካርያስ

ኤሸን ዘካርያስ፡ ኣብ 1979 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ'ዩ። ነቲ ገና ወዲ 13 ዓመት እንከሎ ዝጀመሮን ን20 ዓመታት ዝቐጸሎን ቅድድም ብሽክለታ ኸኣ፡ ናብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪቃን ኣውሮጳን እናኸደ ብምጽዋት፡ ስሙን ስም ሃገሩን ከጸውዕ በቒዑ። ምስ ኣሕዋቱ ዮናስ ዘካርያስ (ሓላባይ)፡ ሳሙኤል ዘካርያስን ሜሮን ዘካርያስን ብምዃን፡ ደቂ ዘካርያስ እናተባህሉ፡ ኣብ ዕብየት ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ዘይርሳዕ ታሪኽን ዝናን ከትርፉ ከኣሉ።

በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ውሉድን ኤሸን ዘካርያስ፡ ኣብ'ዚ እዋን፡ ኣሰልጣኒ ቅድድም ብሽከታን ኣቦ መንበር ስፖርትን እዩ ዘሎ። ምስ ብጾቱ ብምዃን ከኣ፡ ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ዝርከቡ ከባቢ 700 ዝበጽሑ ስፖርታውያን (ግራስ-ሩትስ፡ ተቐዳደምቲ ቀዳማይን ካልኣይን ዲቪዥን) ኣብ ምእላይ ይርከቡ። ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ዝተወልደ ኤሸን፡ ማዕረ ማዕረ ስፖርታዊ ንጥፈታቱ፡ ነተን ኣብ ገዛኦም ዝነበራ ናይ ጸባ ከብቲ (ስታላታት) እናተኸታተለ'ዩ ዓብዩ። ካብ ወለዱ ዝወረሶ ፍቕሪ እንስሳን ኣትክልትን ስለ ዘለዎ ኸኣ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ትርፊ ግዜኡ፡ ብንኡስ ዓቕን ደርሁ ኣብ ምፍራይ ይርከብ። ንሱ ዝገብሮ ዘሎ መፍረዪ ደርሁ ኬጅ ሲስተም (cage system) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ህዝቢ ኣብ ዝነብረሉ ማለት ኣብ ጸቢብ ቦታ (ኣብ ገዛኻ) ኴንካ፡ ሸታ ደርሁ ብዘይብሉ መገዲ፡ ደርሁ ምፍራይ'ዩ። ኤሸን፡ ነዛ ሸታ-ኣልቦ ዘመናዊት ሰፈር ደርሁ፡ ኢንተርነትን መጻሕፍትን ፈቲሹን ናይ ካልኦት ተመኩሮታት ርእዩን ዝሰርሓ'ያ። እታ ምህዞኡ 1 ሜትሮ ብ1 ሜትሮን 30 ሰንቲ ሜትሮን ግፍሒ ዘሎዋ ኾይና፡ 40 ደርሁ ክትሕዝ ትኽእል። ዓቕምን ትሕዝቶን እንተ'ሎካ ድማ፡ ንላዕሊ ሓደ ደረጃ ወሲኽካ፡ ናይ 80 ደርሁ ክትገብራ ይከኣል።

"ነዚ ክሰርሕ ዝደረኸኒ፡ ብቐንዱ ዘሎኒ ፍቕሪ እንስሳ'ዩ። ምስኡ ኸኣ፡ ኣብ ጸቢብ ገዛኻ ኴንካ፡ ከመይ ጌርካ ሸታ ደርሆ ዘይብሉን እንቋቑሖ ክወልዳሉ ዝኽእላን ጥጡሕ ቦታ ሰሪሕካ መነባብሮኻ ከተመሓይሽ ትኽእል ዝብል'ዩ። በዚ መሰረት፡ ፈለማ ነቲ ሰፈረን ደረጃታት ዘሎዎ (Steps) ገይረ ሰሪሐዮ። እንቋቑሖ ዝወልዳሉ ቦታን ቀልቀለን ብሬት ንታሕቲ ዝወርደሉን'ውን ገይረሉ። ምስኡ ኸኣ፡ መመገቢኣንን ብነጠብጣብ ጽሩይ ማይ መስተዩኣንን ሰሪሐለን። ቀስ ብቐስ ድማ፡ ሸታ ደርሁ ዘይብሉን እንቋቑሖ ከይተሰብረ ኣብ ውሑስ ቦታ ዝዕቀበሉን ገይረዮ። ነዚ፡ ካብ ኢንተርነት ሓበሬታ ብምምጻእ፡ በቲ ክረኽቦ ዝኽእል ጥረ ነገር ተሓጊዘ'የ ሰሪሐዮ። ምስ ግዜ ከኣ፡ ዝያዳ ጽፉፍ ክገብሮ ጻዕርታተይ ክቕጽል'የ" ይብል፡ ኤሸን ዘካርያስ።

"ኣብ'ዛ ሰሪሐያ ዘለኹ ሰፈር፡ 60 ደርሁ ኣለዋ። እዘን 60 ደርሁ ኣብ ካንሸሎ እንተ ፈኒኻየን፡ ብሓንቲ መዓልቲ ኣርሲሐናኣ'የን ዝውዕላ። እቲ ብኸላን ርስሓትን ናይ ደርሁ ድማ፡ ኣብ ካልኣይ ሳልሳይ መዓልቲ ናብ ጎረባብቲ'ዩ ዝኸይድ። ኣብ'ዛ ምህዞ ግን፡ ደረጃታት እናወሰኽካ ከተብዝሖ ስለ ዝከኣል፡ ካብቲ ኣብ ካንሸሎ ዝግበር ያታዊ መፍረዪ ደርሁ፡ ብዙሕ ብልጫ ዘለዋ እያ።" ድማ ይውስኽ ኤሸን ዘካርያስ።



ቀንዲ ብልጫ ናይ'ዛ ሰፈር ደርሁ፡ ቀልቀልን እንቋቑሖን ምስ'ተን ደርሁ ርክብ ስለዘይብሉ፡ ካብ ዝኾነ ሕማማት ናጻ'የን። ምስኡ ድማ፡ ንሰለስተ መዓልቲ ዝኣኽለን ማይን መግብን ክትቕርበለን ስለ እትኽእል፡ ተወሳኺ ብልጫ ናይ'ዛ ምህዞ'ዩ። ነቲ መግቢ ጸሕቲረን ከየፍስሳኦ ድማ መከላኸሊ ዘሎዋ'ያ። ነተን ደርሁ ጸሓይን ቁርን ዝከላኸለለን መኸደኒ'ውን ኣለዋ። ከምዚ ዓይነት ሰፈር መፍረዪ ደርሁ፡ ብፍላይ ነቲ ስራሕ ዝወፍር ሰብ፡ ከይተሰከፈ ስርሑ ወፊሩ ኣብ ዝደለዮ ግዜ መጺኡ ምህርቱ ክእክብ የኽእሎ። ካልእ፡ እተን ደርሁ ብሬት ተፈላልየን ስለ ዘለዋ፡ ኣብ ሞንጎኦን ንፋስ ከም ድሌቱ'ዩ ካብን ናብን እናሓለፈ፡ ነቲ ቀልቀል ከም ዝነቅጽ ይገብሮ። ስለዚ፡ እዚ ምህዞ'ዚ፡ 'ቦታ የብለይን'፡ 'ሸታ ክገብራለይ'የን'፡ 'ጎረቤት ክርብሻ'የን' ወዘተ ዘይትብለሉ ብምዃኑ፡ ተመራጺ ይገብሮ።

ሰንዓ ኤሸን ብኽኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣፍልጦን ኣድናቖትን ረኺባ ዘላ'ያ። ሄኖክ ኣፈወርቂ ኣባል ሚኒስትሪ ሕርሻ ኮይኑ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስመራ፡ ከም ክኢላ ጥዕና እንስሳ ዝሰርሕ ዘሎ'ዩ። ኣብ'ዚ ሞያ ኸኣ፡ ን25 ዓመታት ሰሪሑ ኣሎ። ምስ ኤሸን ዘካርያስ፡ ኣብ ዓውደ ዘተ 'ውሁድ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት' ናይ ንኡስ ዞባ ኣስመራ እዩ ሌላኡ ጀሚሩ። እዛ ኤሸን ምሂዙዋ ዘሎ ዘመናዊት ሰፈር መፍረዪ ደርሁ ድማ፡ እታ ዝበለጸት ኮይና ከም ዝረኸባ ይገልጽ። ኤሸን ነዛ ምህዞ፡ ካብ ኢንተርነትን ካልእን ኣንቢቡ'ኳ ባዕሉ እንተ ኣበገሳ፡ ብጾቱን'ውን ተሞኲሮኦምን ተወሲኽቲ ሓሳባቶምን ከም ዘካፈልዎ'ዩ ዝሕብር። ይኹን'ምበር፡ ኤሸን ነቲ ዝሃብዎ ሓበሬታ ተቐቢሉ፡ ብልጽቲ ገይሩ ስለ ዝሰርሓ፡ ምስ ዘሎና ጸበት ቦታ፡ ሕጽረት ናይ መግብን ማይን እትኸይድ፣ ብኸላ ስለ ዘይብላ ድማ፡ ጥዕናን ጽሬትን ናይ'ተን ደርሁ ሕሉው ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። ብዘይካ'ዚ ኤሸን፡ ጸገም መግቢ እንስሳ ንምፍኳስ፡ ብሓመድ ኣልቦ ሕርሻ (ሃይድሮፖኒካ) ተጠቒምካ ምድላው ከም ዝከኣል ምስ ሓበርዎ፡ ስለ ዝሰርሓላ፡ ኣመና መሳጢት ገይሩዋ ብምህላዉ፡ ነዛ ምህዞ ኵሉ ሰብ ክጥቀመላ'ውን ኣዘኻኺሩ።

እዘን ደርሁ፡ ዝተቓመመ ፍሩስካ፡ ንሙቐትን እንቋቑሖን ንኽጠቕመን'ውን ዓሳ'የን ዝምገባ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሃይድሮፖኒካ ዝበቘለ ስገም (ቀጠልያ መግቢ)ን ሰላጣን ይምገባ። እዚ፡ ነቲ እንቋቑሖ ብሜ ሕብርን ጣዕምን ክህልዎ ይሕግዞ። 1 ኪሎ ስገም (ቀጠልያ መግቢ)፡ ን100 ደርሁ ክምግበልካ ስለ ዝኽእል ከኣ ናይ መግቢ ሕጽረት ኣየምጽኣልካን'ዩ። እዚ ኣብ ሃይድሮፖኒካ ዝበቘለ ስገም፡ ብዘይካ ከም መግቢ፡ ነቲ ቦታ ግርማ ዝህቦን ሰፈር ናይ'ዘን ደርሁ ሃመማ ንኸይገብር ሓጋዚን እዩ።

መንእሰይ ሜሊካ፡ ጓል ኤሸን ዘካርያስ'ያ። ብድፍኢት ወላዲኣ ኸኣ፡ ብዓውዲ ጥዕና ኣትክልቲ (Plant health)፡ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቓ። ወላዲኣ፡ ነቲ ኣብ ሓደ ገዛ ውሕስነት መግቢ ክረጋገጽ ከም ዝኽእል ብትምህርቲ ትፈልጦ ዝነበረት፡ ብግብሪ ሰሪሑ ክርእያ ምኽኣሉ ኸኣ ኣድናቖታ ትገልጽ። "ነዚ ሓሳብ፡ ባዕሉ'ዩ ኣበጊሱዎ። ክገብሮ ምስ ጀመረ ድማ ኵልና ስድራቤት ክንሕግዞ ጀሚርና። ብወገነይ፡ ካብ ኢንተርነት ቪዲዮታትን ካልእን እናምጻእኩ፡ ብሞያይ ሓጊዘዮ። እዛ ምህዞ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ክትበጽሕ ዝሕሰብ ኣይነበረን፡ እንተኾነ ዘጸዓረ ይዕወት ስለ ዝኾነ፡ ተዓዊቱላ" ክትብል ትሕብር።

እዛ ሰፈር ደርሁ፡ ካብ'ቲ ኣብ መሬት (litter system) ርሺ ገይርካ ትሕዘን ደርሁ ንላዕሊ፡ ብብዝሒ ደርሁ ክትሕዘላ እትኽእል፣ ዝኽሰር መግብን ማይን ዘይብላ ብምዃና፡ ብዙሕ ረብሓ ስለ ዘለዋ፡ ኣዝያ ውጽኢታዊት ሰንዓ እያ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብልጫኣ፥ ነተን ደርሁ፡ ዝወልዳን ዘይወልዳን፡ መግቢ ዝበልዓን ዘይበልዓን ኣየናት ምዃነን ብቐሊሉ ከተመሓድረንን ክትኣልየንን ስለ ተኽእለካ፡ ዝኾነ ተጠቃማይ፡ ብቐሊሉ ኣብ ገዛኡ ክጥቀመላ ይኽእል።

ኤቬን ዘካርያስ ምስ ሙሴ ዝተባህለ ዓርኩ ብምዃን፡ 48 ደርሁ እትሕዝ ካልእ ሰፈር መፍረዪ ደርሁ ንፈተነ ሰሪሖም ኣለዉ። እዛ ካልኣይቲ ሰፈር መፍረዪ ደርሁ፡ ጎድናዊ ቁመታ 3 ሜትሮ ኮይና፡ እተን ደርሁ መከፋፈሊ ኣብ ዘይብሉ ቦታ ብሓደ ኮይነን ዝቕመጣላ'ያ። እዚ ከኣ፡ ተባዕትዮ ደርሁ ምስኣን ኣእቲኻ፡ ከም ዝወልዳን ዝፈረያን ንምግባር ዝዓለመ'ዩ። እዛ ካልኣይቲ ፈተናኦም ዕዉትቲ እንተ ኾይና፡ ብኢንኩቤተር ኣጫጩሖም ክሰርሑላ'ዩ መደቦም። ከምቲ ዝሓሰብዎ ምስ ዘይተኸውን ግና፡ ሰለስተ ደርሁ ኣብ ሓደ ከም ዝቕመጣ ብምግባር፡ ክሰርሑላ'ዮም።

ኤቬን ምስ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰምሃር ደቀየሱስ፡ ነዛ ዘመናዊት ሰፈር ደርሁ፡ "ኣኽበረት" ዝብል ስም ኣጠሚቖምዋ ኣለዉ። "ምኽንያቱ፡ ንግሆ ተንሲእካ ምስ ከፈትካያ፡ ሸቓይ እትህበካ፣ ከተጽርያ ብዙሕ ጻዕሪ ዘይትሓትት፣ መግብን ማይን ኩሉ ግዜ ቀሩብን ዘየሸግርን ስለዝኾነ፡ 'ኣኽበረት' ኢልናያ ኣለና። ብዙሓት ሰባት'ውን መጺኦም እናረኣዩዋ፡ ከምኣ ክንሰርሓሎም ጠለባት የቕርቡልና ስለ ዘለዉ፡ ተወሳኺ ምንጪ ኣታዊ ትኾነና ኣላ'ሞ፡ 'ኣኽበረት' ከም ስማ ናይ ብሓቂ ብኹሉ ኣኽቢራትና ኣላ። ብዓቢኡ'ውን፡ እዛ ምህዞ መቐጸልታ ናይ'ታ፡ ቅድሚ ሕጂ ተማሂዛ ንብዙሓት ኤርትራውያን ኣደታት ካብ ትክን ጥዕናዊ ጸገማት ዘናገፈተን መንገ 'ኣድሓነት' ስለ ዝኾነት፡ 'ኣኽበረት' ኢልናያ ኣለና" ክብሉ ይገልጹ።

"ልዑል ደገፍን ሞራልን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብቐጻሊ'ዩ ዘለና። ስለዚ፡ ካብኦም ከይተፈለና፡ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኢና" ድማ ይብል ኣብ መወዳእታ፡ መሃዚ ዘመናዊት ሰፈር ደርሁ ኤቬን ዘካርያስ።

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ቍ.6
ሓምለ 2025

## ቴክኖሎጂ ሕርሻ

### ንኣርባሕቲ ንህቢ ተስፋ ዝህብ ምህዞ

ብ-ሞያ ኮምፒዩተር ሳይንስ ዝኾኑ ኣመሪካውያን ክኢላታት፡ ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ሱር-ብተኸዊ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል፡ ኣብ ሰንሰር (sensor) መሰረት ዝገበረ ቴክኖሎጂ ከም ዘማዕበሉ ይሕበር ኣሎ። እቲ 'Electronic Bee–Veterinarian' ዝተሰምየ ቴክኖሎጂ፡ ሙቐት ፈቲሾም ዝነግሩ ትሑት ዝዋጋኦም ሰንሰራት ተጠቒሙ ዝሰርሕ ኲይኑ፡ ኣብ ግዜ ዋዒ መጠን ሙቐት ናይ'ቲ ንህቢ ዘሎዎ ቀፎ ኣብ ሓደገኛ ደረጃ ቅድሚ ምብጽሑ፡ ኣጠንቃቒ ሓበሬታ ናይ ምሃብ ክእለት ዘለዎ'ዩ። በዚ ኸኣ፡ ኣብ ርሑቕ በረኻታት ኲይኖም ንህቢ ዘራብሑ ሓረስቶት፡ ቅድሚ ኣናህቦም ቀፎኦም ራሕሪሖም ምጥፋኦም፡ ከሎ ጌና ኩነታቶም ፈሊጦም ናይ ቅድመ-ምክልኻል ስጉምትታት ክወስዱ ስለዝሕግዞም፡ እቲ ዘጋጥሞም ዘሎ ክሳራታት ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ክወርድ ዓቢ ተስፋ ከምዘለ'ዩ ዝሕበር ዘሎ። ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ኣርባሕቲ ንህቢ ካብ ዘጋጥሙዎም ዓበይቲ ብድሆታት ሓደ፡ እቲ መዓር ከምዕረሎም ክጽበዩዎ ዝጸንሑ ንህቢ፡ ቀፎኡ ገዲፉ ብዕስለኡ ክጠፍእ እንከሎ እዩ። ንህቢ፡ መጠን ሙቐት ናይቲ መዓር ዘምዕረሉ ቀፎ ኣዝዩ ልዑል ወይ ኣዝዩ ትሑት ኣብ ዝኾነሉ፡ ወይ ድማ ብምኽንያት ሕማም፡ ሕጽረት መግቢ፡ ተቓላዕነት ንመድሃኒት ጸረ-ባልዕን ካልእ ጸገማትን ንሙቐት ቀፎኡ ክቆጻጸር ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ክበጽሕ እንከሎ'ዩ፡ በታ ሹም ተመሪሑ ካብ ቀፎኡ ብምውጻእ ዝሃድም - ብመሰረት ክኢላታት።

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ቍ.6
ሓምለ 2025

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Continued from page 8

| | |
|---|---|
| **Other skills and abilities** | • Physically fit and healthy.<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player<br>• Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>• Must be able to work and perform under pressure.<br>• Good verbal and written communication skills in English<br>• Flexibility to work outside of normal business hours if required.<br>• Must be able to work under minimum supervision.<br>• Perform any other duties as requested by your supervisor. |
| **Work Conditions:** | • Outdoor work in varying weather conditions.<br>• Exposure to dust, noise, and heavy machinery.<br>• May require shift work, overtime, and weekend availability during shutdowns or critical lifts. |
| **Other information** | • To be able to pass a full Doctor's Physical examination.<br>• To be able to work on ZMSC's rosters. |

| | |
|---|---|
| **Age** | 35 – 50 years |
| **Salary** | Company scale |
| **Room Accommodation** | Free accommodation |
| **Other's requirement** | Additional Requirement for nationals: - Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender. |
| Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea | |
| **Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272 | |
| Deadline for application: Seven days from the day of announcement. | |

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣመልካቲየውሃንስስሙንሃብተሚካኤል፡ ተጸዋዕቲ ዳኒኤል ሃብተዝበርኤል ኪዳ፡ ሳሚኤል ሃብተዝበርኤል ኪዳ፡ ሚከኤል ሃብተዝበርኤል ኪዳ፡ ስም ናይ ምትሕልላፍ ጉዳይ ስለዘለ፡ 11/12/2025 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣብ ሞንጎ ብፍ/በ/መሰል ሄለን መሓሪ ተሰፋማርያምን ብፍ/በ/ዕዳ ምሕረት ገብረእየሱስን ናይ ፈጻሚ ክርክር ዝምልከት ጉዳይ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ን28/11/25 ኣብ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቢ። እንተዘይ ቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

መሓመድዓሊ መሓመድ ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ ዓሊዓምር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/25 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ተወልደ ጸገ ጸጸ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣበባ ኣብርሃ ካሕሳይ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ልደታ ብድሀ ኣድጎይ፡ ስም ት/ዕድመ ናትናኤል ክፍለት መብራህቱ ምባል ተረፉ፡ ናትናኤል መድሃኔ መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃብተስላሴ ተስፋስላሴ ዕንቁብ፡ ኣቦና ተስፋስላሴ ዕንቁብ ዘርእስላሴ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 3/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ገኑት ዑቕባዝበርኤል ወልደመድህን፡ ኣደይ መብራት ገብረሂወት ማና ስለዝዓረፈት፡ ንኣቦይ ዑቕባዝበርኤል ወልደመድህን ናይ መጸምዲ መሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




## ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓይን ዛ

መቐጸልታ ናይቲ ክምህሮ ዝጸንሐ ቋንቋታት ዓረብን እንግሊዝን ሕጂ'ውን ንሓጋይ ብኽልቲኡ ቋንቋታት ክምህር ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ምዝገባ ከም ዝጀመረ ብሓጎስ የበስር። እንምህሮ ትምህርቲ በብደረጅኡ ን

- ጀመርቲ (Beginners)
  - ማእከላይ (intermediate)
  - ላዕለዋይ (Advanced) ኮይኑ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝጥዕም ጊዜ። ተወሳኺ ብናጻ ናይ Business English introductory Class ኣዳሊናልኩም ኣለና።
  - ንዝያዳሓበሬታ፡- ሞባይል፡-07167768, 07347223, 07183179 ኣድራሻና ፡- ሜዳ ኤርትራ ፊት ሓወልቲ ፓስትቸርያ ጎኒ ኤሪተል እዩ። ቁ/ገዛ 66/68

ብድሓን ምጽኡ!



## ዓቢ ብስራት ንወለዲ

መጽሓፍ ፊደላተይ፡ ንተመሃሮ ቅድመ ትምህርትን ቀዳማይ ክፍልን እተገልግል ናይ ቋንቋ ትግርኛ መጽሓፍ፡ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ። እዛ ቀዳሞት ፊደላት ትግርኛ (ግእዝ) ዝሓቚፈት መጽሓፍ፡ ንተማሃሮ ስእላዊ መግለጺን ቀለልቲ ኣብነትታት ዘሰነየት ኮይና፡ ተማሃሮ ብዝቐለለ መገዲ ቋንቋ ትግርኛ ክመሃሩ ተገልግል።

መጽሓፍ ፊደላተይ፡ ኣብ ካሪክለም ኤርትራ ምርኩስ ብምግባር ዝተዳለወት መምሃሪት መጽሓፍ መምህራንውን ከም መምሃሪ ቋንቋ ክጥቀሙላ ይኽእሉ።

ቋንቋ ትግርኛ፡ መፍትሕ ናይ ኩለን ዓይነታት ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ ደቅኹም ኣብ ንኡስ ዕድሜኦም ትግርኛ ንኽመልኩ **መጽሓፍ ፊደላተይ** ወንንዋ።

ደቅኹም፡ ኣብ ቋንቋ ብዘይ ገለ ጸገም ንኽግስግሱ፡ መጽሓፍ ፊደላተይ ምረጹ!!

ኣዳላዊ መጽሓፍ፡ መም. ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)
07190414






ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ (ስተሽነሪ) ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

ኣካፋፋሊ ሰቲት ስተሽነሪ
07222010

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# POSITION DESCRIPTION

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Process Plant Maintenance Rigger** |
| **Number required** | **02** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Process Plant Maintenance Superintendent/Manager** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | The Rigger is responsible for the safe and efficient setup, movement, and dismantling of heavy equipment and materials within a mining site. This role involves working closely with crane operators, maintenance teams, and safety personnel to ensure all lifting and rigging operations comply with safety standards and operational requirements. |

**Duties / Functions**

**Rigging Setup & Preparation:**
- Assemble and install rigging gear such as cables, ropes, pulleys, winches, and chains.
- Select appropriate rigging equipment based on load weight, dimensions, and environmental conditions.
- Inspect and prepare loads for lifting, ensuring proper balance and secure fastening.

**Operational Duties:**
- Direct crane and equipment operators during lifting operations using hand signals or communication devices.
- Align, level, and position heavy machinery and structural components.
- Dismantle rigging equipment post-operation and ensure proper storage and maintenance.

**Safety & Compliance:**
- Conduct pre-use inspections of rigging gear and lifting equipment.
- Adhere to site-specific and national safety regulations (e.g., OSHA, MSHA).
- Identify and mitigate potential hazards during rigging operations.
- Wear and enforce the use of personal protective equipment (PPE).

**Team Coordination:**
- Collaborate with engineers, supervisors, and other trades to plan and execute lifting tasks.
- Maintain clear communication with team members to ensure safe and efficient operations

**Emergency Procedures:**
- Immediately stop operations if unsafe conditions arise or equipment failure occurs.
- Alert supervisors and safety personnel in case of accidents, near misses, or equipment malfunctions.
- Follow site-specific emergency response protocols, including evacuation procedures and first aid.
- Participate in regular emergency drills and safety briefings.
- Maintain knowledge of emergency contact numbers, muster points, and communication systems.

- Monitoring equipment condition and escalating issues to prevent further deterioration
- Environmental performance and good housekeeping.
- To take reasonable care for the health and safety of himself /herself and that of other persons who may be affected by his/her acts or omissions
- To report to immediate manager any hazard which may be discovered at, or in the vicinity of the place of work.
- Perform Fault Analysis / Fault Finding / Root Cause Analysis to Eliminate Re-Occurrences of Repetitive Faults and improve Process Efficiency and Equipment as required.
- Following instructions and mentorship from senior fitters and supervision
- Following Zara mine training program to upgrade knowledge and skills

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • Grade 8 Numeracy & literacy<br>• Training Certificate in Rigging.<br>• Training Certificate in Mechanical Engineering would be an added advantage.<br>• 4TH Grade driving licence an added advantage. |
| **Working Experience – Nature & Length** | • A minimum of 3 years in engineering or mining environment is desirable.<br>• Demonstrable ability to organize and execute<br>• Proficient in using rigging tools and equipment (slings, shackles, hoists, etc.).<br>• Ability to read and interpret load charts, lifting plans, and technical drawings.<br>• Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and diagrams.<br>• Knowledge of safety regulations and procedures related to t Willingness to work in shifts and under different weather conditions.<br>• Physical stamina and strength to lift heavy equipment and work in confined spaces.<br>• he use of tools. |

Continued on page 7



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## መበል 19 ክፋል

## ዛንታ

“ሰሚ ሓወይ ጽቡቕ ተመሃራይ ቀዳማይ ክፍሊ. መሲልካ፥” ምንኣስ ሓውቱ ሰሓቐት። ንጽባቐ ሓዋ ኸኣ ብልባ ኣድነቐት።

“ሕራይ በሉ ይኣኽለኩም። ጽቡቕ ኮይነ ኣለኹ እንቋዕ ደስ በለኩም። ድሕሪ ሕጂ ተለዊጠ ኣለኹ፥” ሰመረ ናብ ኣቦኡ ጠመተ።

“ሓጐስ ኩላትና እዚ. ወደይ፥ ኣብዚ. ሓጺ.ር ግዜ ዝርእዮ ዘለኹ ለውጢ. ኣዝዩ ዘሐጉስ እዩ። ቀጽሎ እዚ. ወደይ፥ ብኣኻ ክንዲ. ምንታይ እሕጉስ ኣለኹ ክገልጸልካ ኣይክእልን እየ፥” ኢዱ ናብ ጅባኡ ኣእትዩ ፈተሸ። “ስለዚ. መርኣያ ሓጐሰይ እዛ ሚእቲ ናቕፋ ኣበርኪ.ተልካ ኣለኹ። ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ካብ ኣዴኻ ውሰዳ፥” ነታ ሚእቲ ናቕፋ ነታ ኣብ ጐድኑ ዝነበረት ብዓልቲ ቤቱ ኣቐበላ። ስድራ ብምልእታ ሰሓቐት።

“የቐንየለይ ባባ! ሕጂ ግን ሓንቲ ነገር ክሓተካ ደልየ ኣለኹ። ኣብ ውሽጢ. ሽውዓተ መዓልቲ ስራሕ ርኸበለይ። ሰሪሐ ኑብሰይ ክኽእል እደሊ. ኣለኹ። ብኸንቱ ዘሕለፍክዎ ግዜ ይኣኽለኒ፥” ሰመረ ናብ ኣቦኡ ጠመተ።

ኩሎም ኣባላት ስድራ፥ ዘረባ ሰመረ ሓቂ ኣይመሰሎምን። ብምግራም ኩሎም ቀውኢ.ሎም ጠመትዎ።



“ናይ ብሓቂ ዲ.ኻ ሰመረ ሓወይ?” ሓውቱ ኣዒንታ ኣፍጢ.ጣ ተዛረበት። ዘረባ ሓዋ ፍጹም ሓቂ ኣይመሰላን። ሓዋ ክሰርሕ ምባሉ ከኣ ኣዝዩ ኣሐጐሳ። ጸሎታ ናይ’ታ ስድራ ዝሰመረ ኮይኑ ተሰምዓ።

“እወ ናይ ሓቂ እዩ፥” ንሓቡቱ ብፍቕሪ ጠመታ። ምንኣስ ሰመረ እኳ እንተኾነት ጠባይ ሓዋ ንኽዕረ ብዘይ ምቍራጽ ተዛሪባ እያ።

“ኣዝዩ ደስ ዘብል ዘረባ እዩ። ለውጢ. ኣብ ሓደ ለይቲ ክመጽእ ከምዘኽእል ካባኻ እመሃር ኣለኹ። ከመይ ተቐይርካ ገሪሙኒ ኣሎ። ብዘኾነ እቲ ስራሕ ዝበልካዮ ብወገነይ ክደልየልካ እየ። ንስኻ ድማ ፈንጠርጠር በል። እንታይ ዓይነት ስራሕ ኢ.ኻኸ ክትሰርሕ እትደሊ.?” ኣቦ ሰመረ ብሓጐስ ንወዱ ተዛረቦ።

“ባባ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ክሰርሕ እኽእል እየ። ዋላ ኒስትሮ፥ ሚኒዋለ፥ ዓረብያ ምድፋእ . . . ፈጺ.መ ስራሕ ኣይመርጽን እየ፥” ሰመረ ብዘይካ ናይ ጕልበት ካልእ ክሰርሕ ከምዘይክእል ኣፍለጦም።

“ኣዝዩ ጽቡቕ! ኣነ ክደሊ. እየ ንስኻ ድማ ኣይትሕመቕ!” ኣቦ ሰመረ፥ ወዱ ኣብ ሓጺ.ር ግዜ ከምዚ. ኢ.ሉ ምልዋጡ ኣመና ደንጸዎ።

“ሕራይ ኣነ ድማ ክደሊ. እየ፥” ሰመረ ብሓጐስ ተዛረበ። ካብ ዝጐብዝ ከም ሎሚ ገይሩ ምስ ስድርኡ ተሓጉሱ ኣይፈልጥን እዩ።

ከምዚ. ኢ.ሎም ብሕጉስ መንፈስ ድራሮም ድሕሪ ምብልዖም ክሳዕ ሰዓት 11:00 ናይ ለይቲ ኣዕሊ.ሎም ኈናብ መደቀሲ.ኦም ኣብሉ።

* * *

ሰመረ፥ ንግሆ ተንሲ.ኡ ቁርሱ ድሕሪ ምብላዕ ስራሕ ክደሊ. ናብ ከተማ ገጹ ከደ። ኣብ ከተማ ኣብ ዝርከባ ሽዱሽተ እንዳ ኒስትሮ ብምኻላል ስራሕ ሓተተ። ካብቶም ዝሓተቶም እንዳ ኒስትሮ፥ ኣብተን ሰለስተ እቲ ስራሕ ትሑዝ ምኳኑ ተሓብሮ። ኣብተን ዝተረፋ ሰለስተ ድማ ካልእ ግዜ መጺ.ኡ ክሓትት ተነገሮ። ስራሕ ይርከቦ እዩ ናብ ዝተባህለ ኮሊ.ሉ ፈተነ። እንተ ኾነ ግን ክሰልጦ ኣይከኣለን። ብዘይ ፍረ ድማ ናብ ቤቱ ተመልሰ። ኣብ ገዛ ኮፍ ኢ.ሉ ወዓለ። ሰዓት ሽውዓተ ኮይኑ ኣቦኡ ካብ ስራሕ ናብ ገዛ ኣተወ። ገና ኮፍ ከይበለ ከሎ ድማ፥

“ባባ ገለ ስራሕ ኣይረኸብካለይን?” ሰመረ ተስፋ እንተ ረኸበ ተሃዊኹ ሓተተ።

“እዋእ! ኑቶም ምሳይ ዝሰርሑ ኩላቶም ነጊረዮም ኣለኹ። ተስፋ እጉብር ገሊ.ኣቶም ክረኽቡልካ። ንስኻኸ እንታይ ገበርካ?” ኣቦ ሰመረ፥ ምስ ወዱ ከምዚ. ዓይነት ምዝርራብ ብምፍጣሩ ፍሉይ ባህታ ፈጠረሉ።

“ኣነ ኣብ ሽዱሽተ እንዳ ኒስትሮ፥ ኣርባዕተ እንዳ ሑጻ፥ ከምኡ’ውን ኣብቲ እንዳ ዘለቀ ዝብልዎ ፈቲነ። እንተ ኾነ ክሰልጠኒ ኣይከኣለን፥” ተስፋ ዝቑረጸ መሰለ።

“ጽቡቕ ፈተነ ኢ.ኻ ኣካይድካ። እንተ ኾነ ስራሕ ቅልጥፍ ኢ.ልካ መኣስ ይርከብ ኮይኑ። ተስፋ ከይቈረጽካ ክትፍትን ኣለካ፥” ኣቦ ሰመረ ወዱ ስራሕ ክደሊ. ምኻላሉ ባህ በሎ።

“እንዳ ኒስትሮ ደኣ ከመይ ገርካ ደፊርካ? ጫማ ሰፊ.ኻ ትኽእሎ ዲ.ኻ?” ሓውቱ ብምግራም ሓተተት።

“ኩሉ እንተ ተማሂርካዮ ዘይከኣል መኣስ ኮይኑ። እምበር ሓደ ሰራሕተኛ እንዳ ጫማ ‘ሰፊ.ኻ ትኽእሎ ዲ.ኻ?’ ኢ.ሉኒ ሓቲቱኒ ነይሩ። ኣነ ድማ ‘እመሃሮ’ ኢ.ለዮ። ስለዚ፥ ኩሉ ተማሂርካ ስለ ዝከኣል ብዘይካ ምምሃር ካልእ እንታይ ኣማራጺ. ኣሎ። ዘይተማሃረ ሰብ ደኣ እንታይ ክገብር ይኽእል? ሕጂ ኣብ ጣዕሳ እኑብር ኣለኹ። ስለዚ፥ ዝረኸብካዮ ምስራሕ እዩ?” ሰመረ፥ ትምህርቲ ብምቍራጹ ናይ ልቡ ኣጠዓሶ።

“ኣሰይ እዚ. ወደይ! ኣብ ሓጺ.ር ግዜ ዋላ ኣዘራርባኻ እዩ ተቐይሩ። ምስ መን ምስ ቀረብካ ኢ.ኻ ክንድ’ዚ. ለውጢ. ኣምጺ.እካ ዘለኻ?” ኣደ ሰመረ፥ ክምስታ ኣሰንያ ተዛረበት።

ይቕጽል...

ካርቱን

ዕላል ኣሌክ ምስ ሩት




# ዝተመሳቐለ ቃላት ስርሑ

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ■ | ል | | | ■ |
| | ■ | | | | ■ | | |
| | | | ■ | | | | ■ |
| ■ | | ■ | ■ | ■ | | ■ | ■ |
| | | | ■ | | | | ■ |
| | ■ | | | | ■ | | |
| | | | ■ | | ■ | | |
| ■ | | ■ | | | | ■ | |

## ኣገባብ ኣሰራርሓ

ኣብ ታሕቲ ናይ ጋድምን ናይ ትኹልን ቃላት ተዋሂቦም ኣለዉ። ከም መጀመሪ ድማ ፊደል ‘ል’ ተዋሂባ ኣላ። ስለዚ. ካብዛ ፊደል ብምብጋስ ነዚ. እተመሳቐለ ቃላት ስርሑዎ። ናይ ጋድም ቃላት ንጋድም፣ ናይ ትኹል ቃላት ድማ ንትኹል ጥራይ ክምልኡ ይግብኦም።

| ናይ ጋድም ቃላት | ናይ ትኹል ቃላት |
|---|---|
| ልመና | ሳርማ |
| ልሳና | ፈልጽ |
| ጓል | ልፍንቲ |
| ደወል | ሓፋር |
| ልክዕ | ዋጣ |
| ልዋም | ደገል |
| ሓለፈ | ልዕል |
| ሰቲት | ድጓና |
| ልማድ | ናትና |
| ትቦ | ልጓም |
| ጓሓፍ | ልብሲ. |
| ርሃጽ | ሃለወ |
| ናብ | |

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ደቂ ኣንስትዮ ከተማ ሮማ፡ ቃልሲ ክሳብ ምልኣት ጸሓይ ብራኽ!

2ይን መወዳእታን ክፋል

**1976-1978፡ መድረኽ ምድልዳልን ደሙቕ ዓወታትን**

ህዝባዊ ሓይልታት፡ "ኩሉ ብረት ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ" ዝብል መሪሕ ጭርሖ ተሓንጊጡ ብዘዕወቶ ጽፉፍ ወተሃደራዊ ቅዲ ኩናት፡ እቲ ብምሕራር ከተማ ናቕፋ ዝጀመረ ወተሃደራዊ ዓወታት፡ ብቐጻሊ ናብ ኩሉ ገጠራትን ከተማታትን ብፍኑዕ ልሓሙ። ህዝባዊ ግንባር ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤኡ ምስ ኣሳለጠ ድማ፡ ምስ'ቲ ሽዑ ዝተረኽየ ልዑል ፍናን ተደሚሩ፡ መንፈሰ ኣብቂዑ፡ ማሰታ ናጽነት ተራእየ። ኣደታት ከተማ ሮማ ድማ፡ ካብ'ቲ ከርፋሕ ናብራ ንኽናገፋ፡ ካብ መቐንሕ ስኖራ ፈንጺጉን ክወጻ ብሃንቀ። እቲ ዓወታት ክሳብ ምሕራር መላእ ሃገር ዝረጋገጽ ብፍኑዕ ንኽቕጽል'ውን ዝኽእልአ ዘበለ ኩሉ ኣበርኪተን። ዝነበረን ሰልማት ናይ እዝኒ ክሳድ፡ ኣደን እግርን ኩሉ ንሰውራእን ሞባእ ኣውዲቐንኦ። ገለ ካብኣተን ካትም ቃል ኪዳን ጥራይ ዝነበረተን ካብ ኣጻብዕተን ኣውጺአን ምስ ሰውራ ንኽልኣይ ግዜ ቃልኪዳን ኣሰረናኦ። ሰዓት ዘለዋ ሰዓት፡ ካሜራ ዘለዋ ካሜራ... ኩሉ ንሰውራ ይጠቕም'ዩ ዓውት የቀላጥፍ'ዩ ዝተባህለ ዝርካቡ ዝውንኖ ንብረት፡ ብዘይ ኣጉረምረመ ተወፍዩ። መብዝሕትአን ኣብ ልዕሊ እቲ ስሩዕ ወርሓዊ ወጻኢት፡ ምሉእ ወርሓዊ ደሞዘን ክኸፍላ ወሰና። እቲ ዘርርም፡ ኣብ'ቲ ኩነታት'ቲ ካብ ስራሕ ምስ ዝወጹ ካልእ ስራሕ ክሳብ ዝረኽባ ዝጸቐባሉ ግዜ ኣይነበረን። ካብ ስራሕ ናይ ምውጻእ ጸገም ዘጋጠማ ኣደ፡ ስራሕ ክሳብ እትረኽብ ኑተን ዘጠራቐመተን ገንዘብ እናበልዐት እያ ኣብ ሆተል ትጸንሕ። ትሕዝቶአን ምስ ዝውድእ ድማ ምስ ኣብ ስራሕ ዘለዋ ብጾተን ካብ ሓደ ገዛ ናብ ካልእ ይኸሰታ። እቲ መድረኽ እቲ ዘኵልሓ ነገር እንተ ነይሩ፡ ጸገማተን ንቕሓተን ኣብ'ቲ ውድብ ዝነበረን እምነት ክሳብ ክንደይ ሓያል ምንባሩ እዩ።

ኣብ ዓዲ ዝበደፋኦም ስድራ ኣይተዘከሩን ማለት ኣይነበረን። እንታይ ደኣ፡ ንዓወት ሰውራ ቀዳምነት ስለ ዝሃባአ'ምበር። ስርዓት ደርጊ፡ እተን ኣደታት ኣብ ሰውራአን ንዝነበረን ኣበርክቶ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥን ዝከታተልን ኣብ ልዕሊአን ዘበጽሖ ዝነበረ ተረርቲ ጸቕጠታት፡ ምጉብዕባዕትን ምፍርራሓትን ኣብ የምሕዳስን ምምንጣልን ፓስፖርት ኣይደሃለንን ኣየሰናበደንን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ስድራአን ከርኢያን ደኾም ክፈልጣን ናብ ዓዲ ዝኑብራእ ዝበራ ጉዕዞ ብመደብ ጠጠው ንምባል'የን ቀሪጽ ስጉምቲ ክወስዳ ተራእየን። እዚ ከኣ ርእሱ ዝኸኣለ ኣዋጅ ቁጠባዊ እገዳ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ እዩ ዝነበረ።

ከም ዝዘከር፡ ሓንቲ ካብ'ተን በሉጻትን ርህሩሃትን ኣደታት፡ ኣደይ ለተኺዳን ዝተባህላ ወላድ ዘይነበረን ተቓላሲት ኣደ ኮይና፡ ኣብ'ቲ እዋን እቲ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ዘይተወደባ ዝነበራ መዛኡአን ኣደታት፡ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ወጥሪ እናሃለዎ ንዑዲ ክቡዓዝ ምኽንያ ምስ ፈለጠ፡ ቀርብ ኣለን፡ "ኣንትን ሓብትና፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ዶ ንዓዲ ኣልካ ንኽሎ ኣሎ እዩ?" ክብላ ብሓወሲ ማዕዳ ከረድኣኣን ምስ ፈተና፡ እተን ሰበይቲ ከኣ ትቕበል ኣብለን፡ "ኣየ ንሰኻኹ ኣጥሪመለይ ኢልክን ዲኽን ከምኡ ክትብላኒ? ወላድ ዘይብልክን ኳዝክን እኳ ኢኽን" ክብላ መለሳለን። እተን ጸገማትን ምስትውዓልን ዝመለለይኦን ኣደይ ለተኺዳን ግን፡ በቲ እተን ሰበይቲ ዝሃበኦን መልሲ ከይገሃያ፡ "ኩሉ ማህጸን ኤርትራዊት ኣደ ዝፈረየ ጅግና ናይ'ዛ ሃገር ወላዳይ ምኻኑ ኣይተገንዘብክንዮኣን" በለኣኦ። ኣደይ ለተኺዳን ናጽነት ኤርትራ ቁሩብ ዓመታት ክተርፎ እንከሎ ካብዚ ዓለም ዝሓለፉ፡ ሰውእቲ ኣደ እየን።

**ኣብ ጽንኩር እዋን መመሊሰን ዝተራ ፍጡራት - (ወተሃደራዊ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ 1978-1980)**

እቲ ሉማዶ ጽባሕ ይቃብጽ ዝበሃለሉ ዝነበረ ስርዓት ደርጊ፡ በቲ ሕብረት ሶቬት ነበር ምሉእ ደገፍ ክፍሊት ዳግመ ግምት ክግበረሉን ዘተሓሳስብ እዩ ዝነበረ። ምስ'ቲ እተኣትወ ሓድሽ መድረኽ ዝኸነ ርትዓዊ ክፍሊት (ዕሽር ካብ ኢታዊኣን ጥራይ) ክኸፍላ ዝብል መምርሒ ኩይኑ ኣብ ባይቶ ተዛበበ። እቲ ዘርርም ግን፡ በቲ ካብ ሓልዮት ዝቅለ ሓሳብ ኣመስጊሃን ከብቅዓ ሓንቲ ኣደ (መን ምኻና ኣይዝከራን) ኣዳ ኣልዒላ፡ ሓሳብ ከተፍስስ ዕድል ምስ ረኸበት፡ "ጸቡቕ፡ ሓልዮትኩም ተገንዚብናዮ ኣለና። ግና ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ገዝእ ድሕሪ ደቅና እዩ ዝስራዕ፡ ልዕሊ ደቅና ሰሪዕናዮ ኣይንፈልጥን



ፍሽሕርት ኣደይ ለተኺዳን ምስ ብጾታ፡ ኣብ ቅድሚት ካብ ዘለዋ ንጀማን ራብዐይቲ

ዝለገሰትሉ ዘይተኣደነ ግዜ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ደገፉት ተሓጊዙ፡ ሓደሽ ዝተመልመለ ሰራዊት ብብዝሒ ኣኽቲቱ ምስ ነቐለ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ንድሕሪት ኣዝሊቑ ንቕድሚት ክምዕብል ዘኽእሎ ሓድሽ ወተሃደራዊ ውጥን ሓንጸጸ። ኑቲ ተሃንዲዱ ዝመጸእ ዝነበረ ሽሾ ሰራዊት፡ ኣብ ዝተናወሐ ኩናት በብቐሩብ እናዳኸመ ቀጻልነት ሰውራ ንኽውሕስ ኢሉ'ዩ ኑቲ ምርጫ ዝወሰዶ። ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝበፃ ኣባላቱ ድማ፡ ንኣገዳስነትን ኣተግባብራን ናይ'ቲ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ዝምልከት ሰፊሕን ጥንቁቕን ሰሚናራት ኣካየዱ። ኣብ ከም'ዚ ኣዝዩ ተኣፋፊ ኩነታት፡ እተን ኣብ ኣፍ ደገ ናጽነት ከም ዝበጽሓ ኣሚነን እናዓለላ ናብ ዓደን ንኽምለሳ ባልጃአን ክጠራንፋ ጀሚረን ዝነበራ ኣደታት ሮማ፡ ካብ ባዕላዊ እንተታትን ትንታኔን ተበጊሰን ናብ ተስፋ ምቁራጽ ከየምርሓ ስግኣት'ኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ትጽቢታት ግን ምስ'ቲ ዝተረኽየ ጭብጥ ወጽኢት ካልእ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ሰዓቡ ዝቐጸለ ጉዕዞ፡ እቲ ጸገማተን ካልእ ዝተረረ ጸንዓት ወሊዱ።

እቲ መዕቀኒ ጸንዓት ብዘይዳ ጸኒሑ እዩ ተራእዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ኩዮናም ኣብ ጎድነን ዝቃለሱ ዝነበሩ ብጾታተን፡ እሞ ከኣ ዝሓሸ መረዳእታ ክህልዎምን ዝተረረ ጸንዓት ከርእዩን እትጸበዮም፡ ኣብ ቅድሚ ኣዒንተን ዘልሓጥሓጥን ዝርባዕባዕን ክብሉ እናርኣያ እናሰምዓ ኣይተጠራጠራን። ግብረ-መልሰን፡ "ምስ ህዝባዊ ግንባር ንቕድሚት!" ጥራሕ ነበረ። እቲ ሓድሽ ኩነታት ንብልሓተን ኣየጉደሞን፡ ብኣንጻሩ ሓይሊ'ዩ ወሲኹለን። ጃህራን ፈኸራን ጸላእቲ ምስ ተማጥርኣ'ኸተት ደቂ ሃገር ተወሲኽዎ ዝፍደድ ዝነበረ ሓያል ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናት'ውን ኣይጸለወንን ኣይሰርሐለንን።

ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ናይ'ቲ ሓደሽ ምዕባለታት፡ ኣካየድቲ ሓፋሽ ውድባት ኤውሮጳ ካብ ቦሎኛ፡ ሓደ ዘዋሪ መልእኽቲ ናብ ኩለን ንኡሳን ጨናፍር ኢጣልያ፡ ቅዳሕ ድማ ናብ ከተማ ሮማ ልኣኸ። ትሕዝቶ ናይ'ቲ ደብዳቤ ብቐንዱ ሓልዮት ዘጠቓለለ ምስ ምንዋሕ እቲ ቃልሲ ኣደታት ንማሕበር ዘበርክትኦ ዝነበራ ናይ

" ኢላ ክትውድእ፡ ካልኦት ኣቦላት ደድሕራኣ እናተንስኣ ተቐባበለን ተመሳሰሊ ርእይቶታት ኣንጎድጎዳ።

ድሕሪ ኣዋርሕ፡ ኩነታት ናይ ሜዳ ከም'ቲ መራሕነት ዝሰኣሎን ዘውጸኦ ትልምታትን ወራራት ሓደ ክልተ እናበለ ክሳብ ሓሙሻይ ምስ በጽሐ፡ ከም'ቲ ዝተባህለ ጸላኢ ሓይሉ እናተጸንቀቐ ከደ'ሞ፡ ኣብ 1979 ዘፍ ኢሉ ንኻልእ (6ይ) ወራር ክዳሎ ጀመረ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ እቲ ቅድሚ ምዝላቕ ክቶደድ ተወጢኑ ዝነበረ ማሰረቲ ጉባኤ ማሕበራት (ናይ ኩለን ማሕበራውያን ቀጸላታት - ሰራሕተኛታትን ደቂ ኣንስትዮን) እንደገና ክቶደድ ተወሰነ። በዚ ማሰረት፡ ካብ ወሽጢ ጸላኢ ዝቁጸጸረን ገጠራትን ከተማታትን ካብ ሓራ ቦታታት፡ ከምኡ ድማ ካብ ወጻኢ ሃገራት ዝተዋጽኣ ደቂ ኣንስትዮ ብሱዳን ኣቢለን ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ኢጋጣሚ ዓሰሉ። እቲ ንዋሕ እዋን ትጽቢት ዝተጉብረሉ ባህጊ ምምስራት ማሕበራት ድማ ጋህዲ ኮነ። ኣደታት ሮማ'ውን ብዙርቱም፡ ፖርት ሱዳንን ሰዋኪንን ኣቢለን ናብ ሜዳ ክኣትዋ እንከለዋ፡ ኣብ መንገዲ ናብ መዕቀቢ ሰንከላን ብፃኢላይ ምስ'ቶም ጀጋኑ ተራኺበ። ኣብ ናይ ጽዕነት መኪና (ሎሪ) ተሳፊረን፡ ቶኮር ሓዲረን፡ ብድሕሪ ማሰመር ጸላኢ ኣቢለን ነዊሕ ርሕቀት መንገዲ ተጓዒዘን፡ ብዋዘ ቀትሪ ህሮሩማ ጸሓይን ካምሲንን፡ ብዋዜ ለይቲ ድማ ዛሕሊ ተጻዊረን ሳሕል ብምእታው ተልእኾአን ፈጸማ።

ደርጋውያን በቲ ዝረኸቡዎ ግዚያዊ ወተሃደራዊ ጸብለልትነት ስለ ዝሰኸሩ፡ ኑቲ ኣብ ግዜ ኮሎኔል ነጋ ሃይለስላሰ (1940ታት) ዝተማስረተ'ሞ ድሒሩ ኣብ እንዳ ጉሓፍ ዝተደርበየ ማሕበር ኣንድነት ዳግማይ ንምብርባር፡ ኣብ ወሽጥን ደገን ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብን ዕሱባትን ኣዋፈሩ። ንሓደ ሓደ ብኸብደም ጥራይ ዝሓስቡ ናይ ጽርግያ ሽቃጦ ኣኻኺበም ከኣ፡ "ማሕበር ኢትዮጵያውያን ተወላዶ ኤርትራውያን" ዝብል ማሕበር ኣቐሙ። ጨንፈር ናይ'ዚ ዳግም ዝቖመ ምንቅስቓስ ኣብ ኩለን ከተማታት ኢጣልያ፡ ዝያዳ ሓይሉ ግን ኣብ ከተማ ሮማ ምንባሩ ይፍለጥ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ክፍሊ ጸጥታ ኢትዮጵያ (ህዝባዊ ደህንነት) ብመንገዲ'ቲ ኣብ ሮማ ዝመደቦ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣቢሉ ብቐረባ መታን ክከታተሎ ተባሂሉ እዩ። በዚ ድማ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከበባታት (ኣዲስ ኣበባ ወሲኽካ) ዝመጸኡ ሰባት - እንተላይ ወጻእተኛታት ብጉልባብ ጋዜጠኛነት ዝዋሰኡሉ ሓደሽ ኩነታት ተቐልቀለ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ደገ ዝነበር ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ኣደታት ድማ ብፍላይ፡ ቀሊል ዝመሰል ግን ከኣ ኣዕናዊ ናይ በሉ በለው ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ እናዝሕከ ፍርሕን ምጥርጣርን ምስራጽ፡ ጥፈታተን ከም ዝናኽም ምግባር፡ እንተ ተኻኢሉ ድማ ንፓስፖርተን ከም ጀሆ ተጠቒምካ ኣብ ልዕለአን ጸቕጥታት ምፍጣር፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ካብ ውድበን ነጺልካ ኣብ'ቲ ዘቖምኦ "ማሕበር" ንኽኣትዋ ምድፍፋእ ኮታስ ኩሉ ሸርሒታት ተፈቲኑ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዘይከነውን ኮይኑውን ናብ ኤርትራ ዝተጓዕዘ ሓደ ሓደ መንእሰያትና፡ በዚም ወደጦታት ብዘተመሓላለፈ ሓበሬታ መሰረት፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ብኣባላት ክፍሊ ጸጥታ ተታሒዞም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝተዳጎኑን ዝተሳቐዩን ነበሩ።

ምስ'ዚ ኩሉ ሸርሒታቶም ግን፡ ማሕበርም ነዊሕ ከይከደ ተዳኺሙ ተፈራሽሸ። እቶም ኑቲ ምትእኽኻብ ዘቖሙ ዕላማን መትከልን ዘይብሎም ጥማዣኣት፡ ዕጫ ናይ'ቲ ቅድሚኡ ዝተፈተነ ምንቅስቓሳት ኢጋጠሞም ፋሕ ብትን በሉ። ሰውራ ኤርትራ ከኣ እንደገና ዓንቲሩ ወጸ። ስወእ ተጋዳላይ ገረዝጊሄር ዓንደማርያም (ወጩ)፡ "ጸላኢ ዓሻ እዩ. . ." ክብል ሓደ እዋን መሪሑ ዘይወድቕ ሪዚን ዘረባ ተዛሪቡ ነይሩ። እቲ ሽዑ ዝነበረ ምሕር ደማበርበር ናይ ጸላእቲ ድማ ብልክዕ'ዚ እዩ ዘንጸባርቕ።

"ከልቢ ይነብሕ፡ ገመል ድማ ጉዕዞኡ ይቕጽል" ከም ዝበሃል፡ ኣደታት ሮማ ከኣ ጉዕዞአን ናብ'ቲ ድሕሪ ወተሃደራዊ ምዝላቕ ዝተረጋገጸ ሓደሽ ደረጃ ሰውራ ብምቕናዕ፡ ኑቲ ኣብኡ ክሰረት ዝጀመረ ዳግመ-ምቛም ናይ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሕክምናን ካልእ ኣገልግሎታትን ቀረብ ዘግልእ ትካላትን ፋብሪካታትን፡ ከምኡ ድማ ኑቶም ዝተጀማመሩ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ንምዕዋት ንጥፈታተን ቀጸላ።

ኣደታት ዓዲ ጥልያን ብሓፈሻ፡ ኣደታት ከተማ ሮማ ድማ ብፍላይ፡ ብዘበረን ናይ ስራሕ ደሲፕሊን፡ ተወፋይነትን ምትሕልላይን፡ ኣቓልቦ ኢጣልያውያን ከይተረፈ'የን ዝማርኻ ነይረን። ኣብታ ሃገር ብሓፈሻ ኣብ ከተማ ሮማ ድማ ብፍላይ ዝሕተማ ዝነበራ ሰፊሕ ዝርጋሐ ዝነበረን ዓበይቲ ጋዜጣታት፡ ንጉዳይ ስነ ምግባር ወጻእተኛታትን ሰደተኛታትን ዝምልከት ኣርእስቲ ኣልዒለን ኣብ ዝፍረራአ ዝነበራ ዓንቀጻት፡ ብመንጽር ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋታት፡ ንዜጋታት ኤርትራ ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ዝሀብአ ዝነበራ ናእዳን ኣድናቖትን ዝተፈልየ ነበረ። ብጽሬተን፡ ስነ ስርዓተን፡ ሃገራውነተን፡ ተወፋይነተን እምብዛ ይምስጦ ነበረ። እዚ ኣብ ጋዜጣታት ኢጣልያ ዝወጸእ ዝነበረ ንኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ምስለንን ክብረንን ዘደምቕ ዓንቀጻት፡ እተን ኤርትራውያን እንተላይ ኣብ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ቃልሲ ንኽድምዓ ጥጡሕ መንገዲ ጸሪጉለን እዩ።

የግዳስ፡ እቶም ዘሰርሐወን ዝነበሩ ኢጣልያውያን፡ ብእምነተን፡ ደሰፕሊነንን ናይ ስራሕ ጽፈተንን ህርኩትናአንን ኣዝዮም የድንቑወንን ይብህጉወንን ስለ ዝነበሩ፡ ከይመልቃኦም ብምስጋእ ንውልቃዊ ዶክመንትታተንን ፓስፖርተንን ዝሓብኡለን ብዙሓት እዮም ነይሮም። ብፍላይ ኣብ'ቲ ማሕበራትና ዘይደልደላሉ ዝነበራ ፈለማ ዓመታት፡ ገለ ደቂ ኣንስትዮ ሓሲሙወን ኮንትራተን ከይወድኣ ክዝድማ ዝሃቀና፡ ኣሰራሕተን ሃዲናም ብሓይሊ ዝመለሰወንን ምንባረን እዝከር።

ብብዝሒ ዝተወደባ ኣደታት፡ ኣብ'ቲ ቅድሚ ምዝላቕ ዝነበረሉ ግዜ ኣስታት 450 በጺሑ ነይሩ። ኣብ'ቲ ሽዑ ዝነበረ ዝተወደበ ኤርትራዊ ዓበላ ቁጽሪ ነይሩወን ማለት'ዩ። ኣደታትን ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከባን ዝበዝሐ ቁጽሪ ከብረን እንከሎ፡ ሓዳር ዝነበረንን ዘይነበረንን መንእሰያት ድማ ውሑድ ዝበለ ነይረን። እተን ኣደታት'ውን ናብራ ፈቲሸን ሓደ ክልተ ዝወለዳ ጨረሽን ዘይወለዳን ዘይተመርዓዋን እየን ዝነበራ። እቲ ንበር ህይወት ዝተሃፍጠን እኳ እንተ ነበረ፡ ኣዝዩን ጽፉፋትን ወረጃታትን ካብ ገዛአን ናብ ሰውራዊ ዕማማተን ጥራሕ ዝመላለሳ እርጉባት ምንባረን እዚ ከኣ ንውሽጣዊ ጸጥቕኣን ዘንጸባርቕ ጭውነት ምንባሩ እዝከር።

ንጉዳይ ምሕብሓብን ምእላይን ንሕክምና ካብ ሜዳ ዝመጽኡ ተጋደልቲ እውን ካብ'ቲ ካልእ ሃገራዊ ዕማም ፈልየን ኣይሓዝኦን። ክዓውንቶም ካብ ምሕጻብን ዝየማምም ዓይነታት መግቢ ብስሩዕ እናኸሸና ካብ ምቕራብን ሓሊፈን ከይጽሙዎም፡ ከይዱሩኹ፡ ከይጋዳሹን ንብጹቶም ከይናፍቑን ብተወፋይነት ሓቢሒበንኦም እየን። ገለ ካብ'ኣተን እውን ካብ ንቕሓት ተበጊሰን ምስ ከበድ ስንክልና ዝነበርም ተሓኪሞም (ተጋደልቲ) ሓዳር ዝመስረታን ዝወለዳን ነይረን እየን። ካብ'ዚ ዝፍለ፡ ኣብ 1979-80 ካብ ማእከላይ ምብራቕን ሱዳንን ብብዝሒ ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ካብ ዝኾዱ ዝበዱ ዝተጸገሙ ኤርትራውያን ብኣድ'ዘን ኣደታት ዝተዓንገሉን ብልግሰን ዝማሞቑን ብሶላአን ህይወቶም ዝሰርዑን ብዙሓት ከም ዝህልዉ ርግጸኛ እዩ።

እዘን ኣሚነን ዘዕምና ኣደታት፡ ክሳብ ናጽነት ኤርትራ ዝረጋገጽ፡ ብጅግንነትን ተብዓትን እምነትን ኣብ ጎድኒ ህዝበን መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተሰሊፈን መኪተን እየን። ድሕሪ ናጽነት እውን ብፍላይ ኣብ ግዜ ወራራት ወያነ ዝበበራእ መኸተን ዝፈጸማእ ቅያታትን ብዋዘኡ ተሰኒዱ ኣሎ። ሽሕ እኳ ብርክት ዝበለ ካብኣተን ለሚ ብህይወት እንተ ዘየለዋ፡ እተን ዝተረፋ ግን እቲ ሽግ ቃልሲ ኣብ ልበን ኻና የብርሁ ኣሎ።

እምብኣርከስ፡ እዚ ዘቐረብኩዎ ትሕዝቶ፡ ቁንጣሮ ናይ'ቲ ሰፊሕ ዛንታኦን ኩይኑ፡ እንተላይ ኣካል ናይ'ቲ ካብ 1970ታት ክሳብ 1980ታት ኣብ በዩሩት፡ ኩወይት፡ ዱባይ፡ ወዘተ. እተኻየደ ጥምጥም ኤርትራውያን ኣደታት እዩ። ከምኡ'ውን ኣካል ናይ'ቲ ጠቕላላ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣካል ቃልሲ ናይ ኩለን ጭቁናት ደቂ ኣንስትዮ ዓለምን ኩይኑ፡ መንፈስትን ዕብለላን ጾታዊ ትምክሕትን ንምሕምሻሽ፡ ሰላምን ማሕበራዊ ፍትሕን ማሰረታዊ ለውጥን ንምርግጋጽ ዝተኻየደ ቅዱስን ናይ መበል 21 ክፍለ ዘመን ብኣብነት ዝጥቀስን ቃልሲ እዩ።

**ተወልደ ብእምነት**



# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ፕረዚደንት ባርሴሎና ሓወልቲ ሊዮነል መሲ ክሰርሕ መዲቡ



ፕረዚደንት ባርሴሎና ጆን ላፖርታ፡ ኣብ ሜዳ ካምፕ ኑ ንኽብሪ ልየኑል መሲ ሓወልቲ ንምትካል መደብ ኣውጺኡ።

እዚ ወዲ 38 ዓመት ኮኾብ ብሰንበት ናብ ስታድዮም ባርሴሎና ምብጽሑ ኣካይዱ ነይሩ።

"ንኽፉኖ ተመለሰ!" ብምባል ናብታ ክለብ ናይ ምምላስ ተስፋ ከምዘለዎ ዘገልጽ ጽሑፍ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣሰፊሩ።

ላፖርታ ዝ. ኣመልኪቱ፡ "መሲ ኣብታ ኣብ ዓለምና ዝበለጸት ባርሳ ክብሪ ይግብኦ'ዩ። ምስ ቦርድ ኣካየድቲ ናይዛ ጋንታን ደቂ-ጋንትኡን ንመሲ ሓወልቲ ክግበረሉ ኣለዎ ኢልና ኩሉ ግዜ ንሓስብ ኢና። ሓደ ካብቶም ናይ ዘመንና ዝበለጹ ተጻወትቲ'ዩ" ኢሉ።

ሸሞንተ ግዜ ተዓዋቲ ባሎን ዲ'ኦር ዝኾነ መሲ፡ ኣብ ነሓሰ 2021 ብሰንኪ ኣብታ ክለብ ዘጋጠመ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ካብ ባርሳ ክወጽእ ተገዲዱ።

እዚ ሓለቓ ጋንታ ኣርጀንቲና ኣብ 21 ዓመታት ምስ ባርሳ ክብረ-ወሰን ዝሓዘ 34 ጸዋእ ዓቲሩ'ዩ። ብሰንኪ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ኮቪድ-19 ድማ፡ ብግቡእ ክፋነው ኣይከኣለን።

## ምባፐ ብጉድኣት ካብ ሃገራዊት ጋንታኡ ተኣልዩ



ከልያን ምባፐ ብዘጋጠሞ ማህሰይቲ ኩርኩሮ እግሪ፡ ናብ ክለቡ ማድሪድ ብምምላስ ሕክምናዊ ክንክን ዮኃይድ ከምዝሎ ፈደረሽን ኩዑሶ እግሪ ፈረንሳ ሓቢሩ።

እዚ ወዲ 26 ዓመት ኣጥቃዓይ ርያል ማድሪድ፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ፓሪስ - ፈረንሳ ንዩክሬን 4ብ0 ብምስዓር ናብ ዋንጫ ዓለም ኣብ ዝሓለፈትሉ ግጥም፡ ክልተ ሹቶታት ብምምዝጋቡ፡ በታ ምሸት መበል 400 ሹቶኡ ኣመዝጊቡ'ዩ። ይኹን እምበር ኣብ መዛዘሚ ደቓይቕ ማህሰይቲ እግሪ ከምዝለዎ ሓቢሩ።

ዝቐጽል ሰንበት ምሸት ኣብ ሌስ ብለስ ዝቕየድ ግጥም ካብ ሜዳኡ ወጻኢ ኣብ ኣዘርባጃን ኣይክጻወትን'ዩ።

እቲ ብዮሎሚ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ዲደየር ደሻምፕን ኣባላት ክለብ ርያል ማድሪድን ናብ ገዝኡ ክምለስ ዝተወሰ ውሳኔ፡ ኣብ እግሩ ብዝርከብ ሕበጥ ቃንዛ ይሳቐ ብምህላዉ እዩ፡ ንዝያዳ መርመራ ድማ ናብ ማድሪድ ተመሊሱ'ሎ።

ማህሰይቲ ምባፐ፡ ኣሰልጣኒ ማድሪድ ኤደዋርዶ ካማቪንጋን ማኑ ኮሳን ብቐለል ማህረምቲ ጭዋዳታት ካብ ልምምድ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ድሕሪ ምውጽኦም ድሕሪ ወሰናት መዓልታት'ዩ እዚ ክስተት ዘጋጠመ ዘሎ።

ርያል ማድሪድ ሰንበት 23 ሕዳር ምስ ኤልቼ ድሕሪ ምግጣማ፡ 26 ሕዳር ናብ ኣቴንስ ብምኻድ ኣብ ሻምፕዮንስሊግ ምስ ኦሎምፒያኮስ ክትገጥም'ያ።

## ታሪኻዊት ቀይሕ ካርድ ሮናልዶ

ሓለቓ ጋንታ ፖርቱጋል ክርስትያኖ ሮናልዶ ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ኣብ ዝጻወተሉ ዘሎ እዋን ብቐይሕ ካርድ ተባሪሩ።

ሮናልዶ ኣብዚ ንመበል 226 ግዜኡ ምስ ሃገራዊት ጋንትኡ ዝተሰለፈሉ እዋን'ዩ ንፈለማ እዋን ካብ ሜዳ ዝተሰጎ።

ፖርቱጋል፡ ኣብ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026 ናብ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ ተጓዒዛ ኣብ ዘቐደደቶ ግጥም፡ ጋንታኡ 2ብ0 ኣብ ዝተሳዕረትሉ፡ ሮናልዶ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ 10 ደቓይቕ ብቐይሕ ካርድ ካብ ሜዳ ክእለ ተገዲዱ። ትሮይ ፓሮት ድማ ንሃገሩ ኣየርላንድ ክልተ ሹቶታት ኣመዝጊቡላ።

ሓሙሽተ ግዜ ተዓዋቲ ባሎን ዲ'ኦር ዝኾነ ሮናልዶ፡ ንተኸላኻላይ ኣየርላንድ ዳራ ኦ'ሻ ብኹርናዕ ኢዱ ብምህራሙ'ዩ ነዛ ታሪኻዊት ካርድ ተዋሂቡ።

ኣቐዲሙ ዓሰልጣኒ ኣየርላንድ ሃይሚር ሃልግሪምሰን፡ ህላወ ሮናልዶ፡ ኣብ ምእላይ ናይ'ቲ ግጥም ንሓለፍቲ ናይ ጸወታታት ከጽልዎም ከምዝኽእል ገሊጹ ነይሩ።

ዓሰልጣኒ ፖርቱጋል ማርቲኔዝ፡ ድሕሪ ገምጋም ቫር ንዝተዋህበ ቀይሕ ካርድ፡ "ኣብ 226 ግጥማት ቀይሕ ካርድ ረኺቡ ዘይፈልጥ ሓለቓ ጋንታ'ዩ። ክብሪ ይግብኦ'ዩ። ብዙዕባታ ጋንታ ስለዝግደስ ቀሪብ ክኸብደና'ዩ። ብርኩ ዝተዃሕፎ ኣይመስለንን፡ ምስ ተኸላኸልቲ ክደፋፍእ ግድን'ዩ ግን ኽጸዊ ኣይነበረን፡ ብዘኾነ ዕድል ኣይገበረን። ምልእ ኣካላቱ'ዩ ዝማሰል፡ ካሜራ ግን ብርኪ ኢድ ኢሉ'ሉ።



ተቐቢልናዮ ኣለና ድማ። ኣብ ሂወቱ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ናይ መጀመርታ ምስጉግ ምኻኑ ምዝካር ጸቡቕ'ዩ፡ታሪክ ስለ ዝኾነ።" ኢሉ።

ሮናልዶ ጸባሕ ሰንበት መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ ዝዛዘመሉ እዋን፡ ፖርቱጋል ኣንጻር ኣርመንያ ኣብ ተካይዶ ግጥም ክብኽር'ዩ።

ዲሲፕሊናዊ ሕጊ ፊፋ፡ ምዕራፍ ክልተ፡ ዓንቀጽ 14 ከምዚ ይብል፡ "ተጻወትትን ሓለፍትን 'ብብርኪ ምህራም፡ ምንካሱ ምትፋእ ወይ ተጻዋታይ ካብ ጸወታ ወጻኢ ንዝኾነ ሰብ ምህራም ምስ ዝካይዱ እንተ ውሑዱ ሰለስተ ጸወታታት ይእገዱ።" ይብል።

ዕግኡ ብናይ ዲሲፕሊን ኮሚቴ ክውሰን'ዩ። ንሰለስተ ጸወታታት ክእገድ እንተኾይኑ፡ ሮናልዶ ኣብ ዝመጽእ መወዳእታ ክራማት ዝቕየድ ናይ ምድብ ግጥማት ምስ ፖርቱጋል ከይሰለፍ ይኽእል'ዩ።

ምስ ስዑዲ ፕሮሊግ ክለብ ኣልናስር ኣብ ጸቡቕ ብቕዓት ዝርከብ ሮናልዶ፡ ዋንጫ ዓለም 2026 ናይ መወዳእታ ተሳትፎኡ ክትከውን'ያ።

## "ኣርሰናል ዋንጫ ንኽትዓትር ሓያል ጻዕሪ የድልያ" ሳካ



ኣርሰናል ዛጊት ኣብ ዘቐደደቶ 11 ጸወታታት ኣብ ፕሪመርሊግ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከብ። ማንሲቲ ድማ ኣብዚ ኣህጉራዊ ዕረፍቲ ብኣርባዕተ ነጥቢ ድሒራ ትኽተላ።

ኣጥቃዓይ ኣርሰናል በኻዮ ሳካ፡ ጋንትኡ ብስራሕ እምበር ብዘረባ ዋንጫ ፕሪመርሊግ ክትዓትር ከምዘይትኽእልን ገና ነዊሕ መንገዲ ከም ዘዘርፋን ሓቢሩ።

ኣርሰናል ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣከታቲላ ካልኣይቲ ኮይና ክትዛዝም ከላ፡ ኣብ 2025-26 ድማ ድሕሪ 11 ጸወታታት ኣብ ቅድሚት ትርከብ።

ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ጸወታታት ሊግ ዘይተሳዕረት ኣርሰናል፡ ኣብ ሓሙሽተ ጸወታታት ተዓዊታ። ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ሳንደርላንድ 2ብ2 ዝወጸቶ ግጥም ወሲኽካ ኣብ ሰለስተ ማዕረ ተፈላልያ።

ብመሰረት ገምጋም ተንተንቲ፡ ኣርሰናል ኣብዚ እዋን'ዚ ንፕሪምየርሊግ ክትዕወት ዝለዓለ ግምት ተዋሂብዋ ዘሎ ጋንታ እያ - ብ64.1 ሚእታዊት። እዚ ድማ ኣብ 2003-04 ዋንጫ ድሕሪ ምዕታራ ዝለዓለ ግምት እዩ።

ሲቲ ድማ ቀዳመይቲ ኮይና ናይ ምዛዛም ዕድላ 22.9% ግምት ተዋሂብዋ ኣሎ።

ሳካ ግን ኣርሰናል ነታ ዋንጫ ኣብ ኢዳ ከተእትዋ እንተኾይና፡ ዝዘረብ ዘሎ ብዘየገድስ ኣብ ስራሕ ክትጽመድ ከምዘለዋ እዩ ዝዘረበ።

"ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ ክንዕወት ጥራይ ኢና ዘለና፡ ሰባት ብዘዘብልዎ ክንዛረ ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ ሓደ መዓልቲ ገለ ይዛረቡ ንጽባሒቱ ድማ ካልእ ይብሉ። ሰባት ብዛዕባና ዘለዎም ርእይቶ ከም ኩነታት ኣየር እዩ ዝቕያየር። እቲ ኣገዳሲ ነገር ግን ኣብ ጉጅለ ርእስና ምእማን'ዩ" ኢሉ።

ኣርሰናል ድሕሪ ኣህጉራዊ ዕረፍቲ፡ ኣብ ሰሜን ለንደን ኣንጻር ቶተንሃም ናይ ደርቢ ግጥም ክተካይድ'ያ። ኣብ ሻምፕዮንስሊግ ንጹር መሪሕ ቅድሚ ምእንጋዳ ድማ፡ ምስ ቸልሲ ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥም ክተካይድ'ያ።

## ኤደርሰን ኣብ ማን ሲቲ ሕጉስ ከም ዘይነበረ ሓቢሩ



ምስ ማን ሲቲ ብምኻን ሸሞንተ ዋናጩ ዘልዓለ ብራዚላዊ ኤደርሰን፡ ኣብታ ክለብ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ሕጉስ ከም ዘይነበረ ሓቢሩ።

ኣብ ወዳእ ግዜ ወርሒ ማስከረም ናብ ፈነርባች ቅድሚ ምግዓዙ፡ ካብታ ክለብ ክወጽእ ይደሊ ምንባሩ'ውን ተኣሚኑ።

እዚ ብራዚላዊ ተጻዋታይ፡ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመታት ኣብ ወርሒ ማስከረም ካብ ሲቲ ናብ ሱፐር ሊግ ቱርኪ ብ12.1 ሚልዮን ፓውንድ ተሰጊሩ።

ኤደርሰን ኣብ ኩሉ ውድድራት ሲቲ፡ ኣብ 372 ግጥማት ተሳቲፉ 18 ዓበይቲ ዋናጩ ኣብ ምዕታር ግደ ነይሩዎ እዩ። ካብዚኦን ሽዱሽተ ጸዋእ ፕሪመርሊግ፡ ክልተ ኤፍኤካፕ፡ ሻምፕዮንስሊግ፡ ሱፐር ካፕ፡ ዩዌፋን ዋንጫ ዓለም ክለባትን እየን።

ካብ 2019-22 ኣብ ዝነበረ ሰለስተ ዓመታት፡ ኣከታቲሉ ንሽልማት ወርቃዊ ጓንቲ ኣልዒሉ። ኣብ ታሪኽ ፕሪመርሊግ ድማ ሸውዓተ ንሹቶ ዝኾና ከዓሳሱ ዝኸኣለ ሓላዊ ልዳት ተባሂሉ ሕልፊ ካልእ ሰፊሩ'ሎ።

እንተኾነ ኤደርሰን ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ካብ ኢትሓድ ክወጽእ ምኻኑ ብቐጻሊ ተገሊጹ'ዩ። ቅድሚ ምስጋጋር ተጻወትቲ ናይ ዝሓለፈ ክረምቲ፡ ክወጽእ ፈቲኑ ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ኤደርሰን ናብ ፈነርባች ካብ ዝጸንበር ንደሓር ኣብ ኩሉ ውድድራት 10 ጸወታታት ብምኽያድ ኣብ ዘቐደዶ ግጥም፡ ሹቶ ከምዝኣቶ ተኸእሎ ዝነበረን ሓሙሽተ ቅሉዕ ከድሕን ክኢሉ'ዩ። ፈነርባች ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ክልቲት ቱርኪ፡ ካብ መወዳደርታ ጋላታሳራይ ብሓደ ነጥቢ ጥራይ ድሒራ ኣብ ካልኣይ ተርታ ትርከብ።

ኤደርሰን ካብ ቃላቱ፡ "ናይ ምውጻእ ድሌተይ፡ ኣብዚ ዓመት ጸወታ'ውን ጸልዩዎ'ዩ። ሓሙሽተ መስበርቲ ስለዝበረኒ ኣብ ብቕዓት ኣይነበርኩን። ኣብ'ዚ ድማ ምጽላዉ ነይሩ። ኣብ ሞያኻ ሓደሽ ብድሆታት ክህልውካ ጸቡቕ'ዩ። ኣብ ቱርኪ ኣብ ዝቕየድ ናይ ጸወታታት ሃዋህው የስተማቕሮ ኣለኹ። ሕጉስ ድማ'የ። ንኽዕወት ዓቢ ሃንቀውታ ኣሎኒ።" ኢሉ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን፡ ኣብ ጽላታት ቁጠባን ጸጥታን ተሰማሚዐን

ትማሊ ዓርቢ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሊ ጃይ-ሚዩንግን ኣብ ዘካየድዎ ዝርርብ፡ ኣብ ጉዳይ ቀረጽን ጸጥታን ምትሕብባር ክገብሩ ከም ዝተሰማምዑ ተሓቢሩ።



ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዘሎ ማዕርፎ፡ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብቲ ብኣመሪካ ተቐባልነት ዝረኸበ ጽላት ህንጻት መራኽብ ናይ 150 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ፡ ኣብ ካልእ ጽላት ድማ ናይ 200 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ክተካይድ እያ።

ኣመሪካ ብወገና፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታታ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ደቡብ ኮርያ ሰሊዓቶ ዘላ መጠን ቀረጽ ናብ 15 ሚእታዊት ክተጉድሎ ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘወሳኺ፡ ኣብቲ ናይ ማዕርፎ ስምምዕ ኣመሪካ ነቲ ንደቡብ ኮርያ ክትህቦ ቃል ዝኣተወቶ ጸጥታዊ ውሕስነት ደጊማ ከተረጋግጽ እንከላ፡ ደቡብ ኮርያ ከኣ ንመጠን ወተሃደራዊ ወጻኢታታ ናብ 3.5 ሚእታዊት ካብ ጃምላዊ ሃገራዊ እቶታ ክብ ከተብሎ ምዃና ኣፍሊጣ።

ደቡብ ኮርያ ወሲኻ፡ ካብ ኣመሪካ ከተካይዶ ዝጸንሐት ዕድጊ ወተሃደራዊ ናውቲታት፡ ኣብ 2030 ናብ 25 ቢልዮን ዶላር ክብ ከተብሎ መደብ ከም ዘለዋ ሓቢራ።

ኣብቲ ስምምዕ ኣመሪካ፡ ደቡብ ኮርያ ብንጽጽልሳዊ ጸዓት ዝሰርሓ ናይ መጥቃዕቲ ሳብመሪናት ክትሰርሕ ፍቓድ ከም ዝሃበታ፡ ምንጮታት ኣመልኪቶም።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ዝሰልዓቶ ቀረጽ ክትንክዮ ወሲና

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ ሃገሩ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ንግዳውያን ትካላት ዝያዳ ናይ ወጻኢ ቀረብ መታን ክረኽቡ፡ ኣብ ልዕሊ ገለ ካብ ኣርጀንቲና፡ ኢኳዶር፡ ጓቲማላን ኤል ሳልቫዶርን ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ክኣትዉ ዝጸንሑ ናይ መግቢን ካልእን ፍርያት ዝሰልዖ ቀረጽ ክንክዮ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ምምሕዳር ትራምፕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ኣብ መንጎ ምምሕዳሩን እተን ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ንዋጋታት ቡን፡ ባናናን ካልእ ካብ'ተን ሃገራት ብብዝሒ ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ዝኣትዉ ዓይነት መግብታትን ንምንካይ ክሕግዝ ትጽቢት ከም ዘሎ ገሊጹ።

እቲ ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ሕ.መ.ኣመሪካን ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ኣብ ዝመጽእ ክልተ ሰሙን ናይ መውዳእታ መልክዑ ክሕዝ ምዃኑ ከኣ እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ዳርጋ ኣብ ልዕሊ ካብ መብዛሕትአን መሻርኽቲ ሃገራት ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ዝኣትዉ ፍርያት ዝሰልዖ ዝተፈላለየ መጠን ቀረጽ፡ ንዋጋ መግብርኦ ሚእከላይን ትሑትን ኣታዊ ዘለዎም ዜጋታት ኣመሪካ ኣኽቢሩዎ ከም ዝርከቡ ክኢላታት ስለ ቘጠብ ይገልጹ።



ዝሓለፈ ሓሙስ መጽሔት 'ኒው ዮርክ ታይምስ' ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ ምምሕዳር ትራምፕ ንዋጋታት ስጋ ከቢዙ፡ ለሚንን ኣራንሽን ንምንካይ፡ ኣብ ልዕሊ ገለ ሃገራት ዝሰልዖ መጠን ቀረጽ ከጉድሎ ሓሳብ ከም ዘለዎ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ኤል ሳልቫዶር፡ ጓቲማላን ኣርጀንቲናን ናብ ዕዳጋታታ ዝኣትዉ ዝበዝሑ ንግዳውያን ፍርያት ናይ 10 ሚእታዊት ቀረጽ ክትወስን እንከላ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ኤኳዶር ዝኣትዉ ንግዳዊ ፍርያት ከኣ ናይ 15 ሚእታዊት መጠን ቀረጽ ወሲና ኣላ።

ብዘወሳኺ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ኤኳዶር ተወሲኑ ዘሎ መጠን ቀረጽ፡ ንባናናን ቡንን ዝምልከት ከም ዘይኮነ እውን እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ኣመልኪቱ።

እተን ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ብወገነን፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ኣመሪካ ናብ ዕዳጋታተን ዝኣትዉ ሕርሻውን እንዱስትርያውን ፍርያት ዝሰልዓኦ መጠን ቀረጽ ክኣልያኦ ምዃነን ኣፍሊጠን ኣለዋ።

## ቢቢሲ፡ ንፕረዚደንት ትራምፕ ይቕረታ ሓቲቱ

ኣገልግሎት ዜና ቢቢሲ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ብ6 ጥሪ 2021 ዝሰመዖ መደረ ቆራሪጹ ጌጋ ሓበሬታ ዘመሓላለፈ ሰነዳዊ ፊልም ብምድላው፡ ንቲ ፕረዚደንት ይቕረታ ከም ዝሓተተ ተሓቢሩ።




እንተኾነ ቢቢሲ፡ ንቲ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣቕሪቡዎ ዝጠለቦ ናይ 1 ቢልዮን ዶላር ካሕሳ ከም ዘይከፍል ገሊጹ ኣሎ።

እቲ ኣገልግሎት ዜና፡ እቲ ኣብ 2024 ዝተፈነወ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ናዕቢ ንኽተፈጸ ዝጸወዐ ኣምሲሉ ኣርትዖት ዝተኻየደሉ መደብ፡ ዳግማይ ከም ዘይፍኖዎ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ጠበቓታት ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ኣገልግሎት ዜና፡ ይቕረታ ምስ ዘይሓተተን ነቲ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ትራምፕ ዘውረዶ ኣእምሮኣውን ዝናውን ጉድኣት ከኣ ምስ ዘይክሕሰን፡ ናይ 1 ቢልዮን ዶላር ካሕሳ ከም ዝጠልቡ ምጥንቃቖም፡ ምንጮታት ይሕብሩ።

ብሰንኪ እቲ ጌጋ ሓበሬታ ሐዙ ዝተፈነወ መደብ፡ ዋና ዳይረክተር ቢቢሲ ቲም ዳቪን ሓላፊት ዜና ናይ'ቲ ኣገልግሎት ዜና ዲቦራ ተርነስን ካብ ስልጣኖም ምውራዶም ዝዘከር እዩ።

ኣቦ መንበር ቢቢሲ ሰሚር ሻህ፡ ኣብ መደረ ፕረዚደንት ትራምፕ ብዝተፈጸመ ናይ ኣርትዖት ጌጋ ይቕረታ ድሕሪ ምሕታት፡ ነቲ ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝቐረበ ናይ ጸለመ ክሲ ግን ከም ዘይቅበሎ ኣዘኻኺሩ ኣሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ዝሓለፈ ዓመት ብ ቢቢሲ ዝተፈነወ መደብ፡ ቃላቱ ቆራሪጽካ ዘሎንጉቦ ንተዓዘብቲ ዘጋጊ ትሕዝቶ ከም ዝዘበረ ኣረዲኡ።

## ፊንላንድ፡ “ቻይና ንሩስያ ትምውል ኣላ” ክትብል ከሲሳ

ፊንላንድ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ንፌደረሽን ሩስያ ኣብቲ ኣንጻር ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ኲናት ተዓዊታ ንኽትወጽእ ናይ ገንዘብ ምወላ ትገብር ኣላ ክትብል ከሲሳ፡ ኣብ መንጎ ሩስያን ቻይናን ዘሎ ጥቡቕ ምትሕብባር ድማ ንኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ዓቢ ብድሆ ይኾኖ ከም ዘሎ ገሊጻ።

ቻይና ግን እቲ ምስ ፌደረሽን ሩስያ እተካይዶ ዘላ ንግዲ፡ ሕጋውን ሚዛናውን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ካብ ዝተፈላለያ ኣቦላት ኔቶ ዝመጽኣ ዘሎ ክሲ ሓቅነት ከም ዘይብሉ ኣፍሊጣ።

ሚኒስተር ምክልኻል ፊንላንድ ኣንቲ ሃካነ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ንፌደረሽን ሩስያ ኣብቲ ምስ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ኲናት ብኸፊሉ ትምውላ ከም ዘላ ገሊጹ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ሩስያ ነቲ ሰለስተ ዓመታት ዝቐጸረ ምስ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ኲናት፡ ብዘይ ዝኾነ ናይ ካልኦት ሃገራት ሓገዝ ክሳብ ሕጂ ክትቕጽሎ ትኽእል ከም ዘይከኣለት ብምግላጽ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ንፌደረሽን ሩስያ ዓቢ ሓገዝ ተካይድ ከም ዘላ ወሲኹ።

ቻይና፡ ነቲ ብምዕራባውያን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ፌደረሽን ሩስያ ዝጸደቐ እገዳ ብምሕላፍ፡ ምስታ ሃገር ከተካይዶ ዝጸንሐት ክልተኣዊ ንግዲ፡ ንምፍርራሕ ሃገራት ምዕራብ ዕሽሽ ብምባል ዝያዳ ከም ዘስፍሓቶ እዮም ምንጮታት ዝሕብሩ።

ቻይናን ሩስያን ኣብ ዘካይድኦ ዘለዋ ክልተኣዊ ንግዲ፡ ባጤራ ሃገራት ምዕራብ ከም ዘይጥቀማ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ሃገራት ምዕራብ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ህንድን ምስ ሃገሩ ንግዲ ብምክያደን ጥራሕ ኣብ ልዕሊኦን ዝኾነ ዓይነት እገዳ ምስ ዘጽድቃ፡ ሞስኮ ግብረ መልሲ ክትህበሉ ምዃና ኣጠንቂቑ ኣሎ።



## ኢንዶነዥያ - ብሓደጋ ምህማም መሬት ብርክት ዝበሉ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ

ኣብ ኢንዶነዥያ ብዘጋጠመ ምህማም መሬት፡ ብውሕዱ ክልተ ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት 21 ሰባት ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ሰብ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።



እቲ ኣብ ዞባ ሲላካፕ ዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ቡቲ ኣብቲ ከባቢ ንመዓልታት ዝዘንበ ብርቱዕ ዝናብ ዝሰዓበ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ዝሃመመ መሬት ንብርክት ዝበሉ ኣባይቲ ደቢዩ ከም ዘሎ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ሓቢሮም።

ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ናይ'ቲ ዞባ፡ ኣየም ዝጠፍኡ ግዳያት ንምድላይ፡ ኣብ ጽዑቕ ስራሕ ከም ዝርከቡ ከኣ ተፈሊጡ።

ኢንዶነዥያ፡ ብ17,000 ደሴታት ዝቖመት ሃገር ኮይና፡ ዝበዝሑ ነበርታ ኣብ ኣኽራናት ዝበዝሖ ከባቢታት ወይ ከኣ ኣብ ውሕጅ ዝሓልፈሉ ቦታታት ከም ዝቕመጡ ይፍለጥ።

እታ ሃገር ብሰንኪ'ቲ ኣብ ወቕቲ ክረምት ሞንሱን ዝዘንብ ብርቱዕ ዝናብ፡ ተደጋጋሚ ሓደጋታት ምህማም መሬት ከም ዘጋጥማ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሪሻም | 15/11/25 | ኀደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ መስማር (ኀደይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services